# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.153 | ሓሙስ 26 ለካቲት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ካብ ቀዳሕቲ፡ ናብ መሃዝቲ ...



ገጽ 4 ቢትኮይን፡ መወዳእታ ...



ገጽ 5



ነገረ ምሁራት

ገጽ 11 ውዕሎ ራብዓይ መድረኽ...




# ስነ-ስርዓት ቀብሪ ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ ተፈጺሙ

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ምሁር ስነ-ሰብ ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ ኣርኣያ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ትማሊ ረቡዕ 25 ለካቲት ኣብ ጸጸራት - ኣስመራ ብልዑል ክብረት ተፈጺሙ።

ካብ 1968 ንልዕሊ 20 ዓመታት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ - ዩኒቨርሲታት ሃርቫርድ፡ ቦስተን፡ ኖርዝዌስተርንን ቺካጎ፡ ከምኡ'ውን ኮለጅ ስዋርትሞር ብኣካዳሚያዊ ኣገልግሎቱ ዓቢ ስም ዘትረፈ ፕሮፌሰር ኣስመሮም፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ 1984 ከምኡ'ውን 1988 ክልተ ግዜ ናብ ሜዳ ብምእታው ዑደት ድሕሪ ምክያዱ፣ ካብ 1984 ክሳብ ናጽነት ኣቦ-መንበር ማሕበር ረዲኤት ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ ኮይኑ ኣገልጊሉ።

ድሕሪ መላእ ሓርነት፡ ፕሮፌሰር ኣስመሮም፡ ምስ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ ኤርትራ ማለት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ክፍሊ ምርምርን ሰነዳን ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን፡ ዩኒቨርስቲ ኣስመራን ካልኦትን ብዝተፈላለየ ደረጃን ዓቕምን ኣበርኪቱ። በዚ መሰረት፡

- ኣባል ኮሚሽን ካሕሳ ኤርትራ ብምዃኑ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ኤርትራውያንን ናይ ዝፈጸመቶ በደል ዝምልከት ካሕሳ ንኽትከፍል ዘደሊ ሰነዳት ኣብ ምቕራብ ሰሪሑ።

- ኣብ 1998፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን ንዝወሰዶ ናይ ምስጓግ (ምጽናት ዓሌት) ስጉምቲ ብዝምልከት ኣጽኒዑ፡ ሰፊሕ ንጽሉም ኣፍሊጡ።

- ኣብ 2000 ዓመተ-ምህረትን ድሕሪኡን፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ'ተን ብሓይሊ ተቖጻጺሩ ሒዙወን ዝነበረ ዓድታት ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከባቢ እምባሶይራ ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ንዝፈጸሞ ዘውር ጾታዊ ዓመጽ ብዝምልከት ብምምዝጋብ ኣቃሊዑ።

- ከምኡ'ውን፡ ኣብ 2015 ንኤርትራ ንምስይጣን ብስም "ምግላስ ሰብኣዊ መሰላት" ንዝተፈብረኸ ክሲ ምግላስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምፍሻል ብንጥፈት ተዋሲኡ።

ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ፡ ኣብ መበል 94 ዓመት ዕድመኡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ'ዩ ዓሪፉ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ብምኽንያት ዕረፍቲ ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ



ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መሳርሕቱን ፈተውቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።



ስእሊ-ኣብርሃም ባየነ

# ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ መደባት ልምዓት ንምቅልጣፍ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዘትዩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣረዕታን ማእከል ደንካልያን ንዝካየድ ዘሎ መደባት ልምዓትን በጺሖ ዘሎ ደረጃን ብምግምጋም፡ ንምቅልጣፉ ዝሕግዝ ዘተ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ኣካይዱ።

ብ20 ከምኡ'ውን 21 ለካቲት ኣብ ንኡስ ዞባ ኣረዕታ ዘካየዶ ዑደት፡ ኣብ ሓመርቲ ዝስራሕ ዘሎ ክፍልታት ትምህርትን መንበሪ መምህራንን ዝሓዘ ሓዲሽ ህንጻ መባእታን ማእከላይን ደረጃ፣ ኣብ ኣዩመን ተወሳኺ መማሃሪ ክፍልታት፣ ኣብ ፈረር ድማ ከፊላዊ ጽገና መባእታ ቤት-ትምህርቲ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ መንጎ ምምሕዳር ኣለትን ሓልሓልን ብድሪል ዝኾዓት ዘሎ ከዕታ ምንጪ ማይ ኣብ ዝተዓዘበሉ ድማ፡ ነቲ ስራሕ ብዝምርሑ ዘለዉ ክኢላታት መብርሂ ተዋሂብዎ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ብወገኑ፡ እቲ ስራሕ ኣብ ዝተመደበሉ ግዜ ተዛዚሙ ኣብ ኣገልግሎት ንኽውዕል፡ ዘሎ ሕጽረታት ብወሃደት ክፍታሕ ኣዘኻኺሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብ22 ለካቲት ኣብ ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ ኣብ ዝገበሮ ምብጻሕ፡ ብፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ቁጽሪ 2 ዝዕመም ዘሎ፡ ካብ ኣርብዓ ናብ ሓወሲ ከተማ ዕዲ ዝዝርጋሕ 32 ኪሎሜተር ሓዲሽ መስመር ማይን በጺሖ ዘለዎ ደረጃን ኣብ ዝተዓዘበሉ፡ እቲ ፕሮጀክት ምስ ተዛዚመ ዝህልዎ ኣበርክቶ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ተዋፊሮም ዝለዉ ሰብ'ቲ ተወፋይነቶም መጕሱ።



# ናቕፋ - ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ ይስራሕ ኣሎ

ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ንቑሕ ውዳብ ደቂኣንስትዮ ብምሕያል ከስመዲያዊ ተሳትፎኤን ንምዕባይ ብዝካየዶ ዘሎ ጻዕራ ተወዲዳርኑተን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምዕዛዝ ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ፡፡

ሓላፊት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ወ/ሮ ራዶት ዐስማንን ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ሓላፊ ማሕበራ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ኣቶ ሰለሙን ኣስገዶምን ኣብ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ጻብራን ሰዙቢኑት ዊናን ምስ ተመሃሮ ደቂኣንስትዮ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ንቕሓት ደቂኣንስትዮ እናበረኸ ብምምጻኡ ኣብ ምግታእ ጉዳእቲ ልምድታት እወታዊ ውጽኢት'ኳ እንተተመዝገበ፡ ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ግን ከም'ቲ ዝድለ ስለዘይኮነ፡ ንምምሕያሹ ሓያል ጻዕሪ ከምዝድሊ ኣገንዚቦም፡፡

ንኣየም ኣስዒቦም፡ ኣደ ምምሃር ማለት ሕብረተሰብ ምምሃር ስለዝኾነ፡ ዝ. ሽቶ'ዚ ንምውቃዕ ኣካላት መንግስቲ ብሓፈሻ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ድማ ብፍላይ ብዝለዓለ ይሰርሑሉ ከምዘለዉ ገሊጾም፡፡

# ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ደም ለጊሶም

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ቤት-ጽሕፈት ወከል ሃገራዊ ድሕነትን፡ ብ22ን 23ን ለካቲት 86 ከረጺት ደም ለጊሶም፡፡

ካብ ኣወሃሃድቲ ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ሩታ ወልደሚካኤል፡ እቲ መደብ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ብውዱብ ዘካይድዎ ልግሲ ደም ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ንሻድሻይ ግዜኦም ይልግሱ ከምዘለዉ ሓቢራ፡፡

ኣባላት ብወገኖም፡ ወለንታዊ ልግሲ ደም ኣብ ርእሲ'ቲ ዘፈጥሮ ዕግበት፡ ኩነታት ጥዕናኻ እትፈልጠሉ'ውን ስለዝኾነ ድርብ ረብሓ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ካልኦት ማሕበራትን ትካላትን ብውዱብ መልክዕ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንኪ ደም ክሰስኑ ተላብዮም፡፡

ኣብ'ዚ እዋን እናበረኸ ሳላ ዝመጽእ ዘሎ ንቕሓትን ኣፍልጦን ኣገዳስነት ወለንታዊ ልግሲ ደም፡ ብውልቅን ብውዳብን ዝልገስ ደም እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንኪ ደም ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ፡፡


ስእሊ. ፊያመት መስፍን

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ጊሔስ ኣብ ክንዲ ትስተር ትግተር!

ምስሉይነት ዝሕላገዑ ሰልፊ ብልጽግና፡ ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ - ዕለታዊ ክህሉል ብዘከኣል፡ ወግሑጸብሑ ንውግእ ኣብ ዝጽሕትር ፕሮፖጋንዳ ተጸሚዱ ከምዘሎ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን፡፡ ብሰንበት 22 ለካቲት ብምኽንያት "መመረቕታ ፍሉያት ሓይልታት" ኣብ ሃዋሳ ኣብ ዝተወደበ ድግስ ዝቐረበ መደረ'ውን ኣካልን መቐጸልታን ጥራይ'ዩ፡፡

እዚ ቅንጣብ ሕንክት ዘይብሉ ጉጅለ ኑዳያት፡ ንዘሾሉ ዝተረኸበ ወይ ዝፈጠሮ ዕድል ተጠቒሙ፡ ንኣህጉራዊ ሕጊ፡ ልሙዳት ኣገባባትን ማሰረታት ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ብዘጥሕስ መልክዑ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ጉረባብቲ ሃገራት ዝጻረረ ሰራም መግለጺታት ክሀብ ጸኒሑ'ሎ፡፡ ንምዝኽኻር ዝኣክል፦

- ቅድሚ ክልተ ዓመታት፡ ፕረዚደንት ክልል ኦሮሚያ፡ "ናይ ዝመጽእ ዓመት ጽንብል ኢሬቻ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ክበዓል'ዩ" ዝብል ተሾታ'ኹ መግለጺ ሂቡ ነይሩ፡፡

- ቅድሚ ሐደት ኣዋርሕ ኣብ ዝተቓፀ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ሓደስቲ ዝተሾትቡ ኣባላት ሰራዊት ዝቐረበት ካርታ ኢትዮጵያ፡ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ንወደባዊት ከተማ ዓሰብን ጎማምም ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራን ዝጠረረት'ያ፡፡

- ጃንሆይ ድረሩ መራሒ ናይ'ቲ ሰልፊ፡ ብሰንበት 22 ለካቲት ኣብ ስነ-ስርዓት "መመረቕታ ፍሉያት ሓይልታት" ኣብ ዘሰመዖ መደረ፡ ተልእኾኦም "ምዕቃብን ምርግጋጽን ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ጫፍ ሶማልያ ክሳብ ባጽዕ" ከምዝኾነ ገሊጹ፡፡

- እዚ ምስ'ቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2024 ምስ ሶማሊላንድ ዝኸተሞ፡ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ፌደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ ዝጥሕስ ስምምዕ ከምኡ'ውን ንግዳማዊ ተልእኾ ንምስሳይ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኢትዮጵያ ንተቓወምቲ ሓይልታት ሱዳን ብስቱር ዝደኮና መደበር ስልጠና፡ ንሓንኮሪ ባህሪያት ናይ'ዚ ዕሽላዊ ጉጅለ ዘኮልሕ ተወሳኺ መርትዖታት'ዩ፡፡

እቲ ዘሕዝን፡ እዚ ኑዳይ ጉጅለ፡ ኣብ'ዚ ህልው ተኣፋፊን ዘይርጉእን ግሎባዊ ኩነታት፡ ዊን ከም ዝበሎ ብኣህጉራዊ ሕጊ ከይሕተል ናጽነት ዘለዎ'ዩ ዝመስሎ ዘሎ፡፡ ጊሒስ ኣብ ክንዲ ትስተር ትግዝር ከምዝበሃል፡፡

ግደ ሓቁ፡ ኣብ'ዚ ልዕሊ 21 ሚልዮን ኢትዮጵያውያን ብምሕር ድኽነት ተዳቒኖም ተጸብዮቲ ኣህጉራዊ ትካቦ ኮይኖምሉ ዘለዉ እዋን፡ እዚ ንኩናት ኣንቂዱን ኣዊጅን በትሪ ሃሰውሰው ዘውጥውጥ ዘሎ ጉጅለ ሓገዘ ዝምጥዋ ዘለዋ ኣህጉራውያን ትካላት፡ ብዘዘዋዋሪ ደገፍቲ ናይ'ቲ ዝፍጽሞ ዘሎ ተግባራት ትንኩያን ዞባዊ ዘይምርግጋእን ይኾና ከምዘለዋ ክፈልጣ ይግባእ፡፡

እንተ ጉዳይ ምውሓስ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሓላፍነት ናይ'ተን ብቐጥታ መዳውብቱ ዝኾና ሃገራት ጥራይ'ዩ፡፡ ተወሃሂደን ከረጋግጽኦ ድማ ምሉእ ዘይጉዱል ዓቕሚ ኣለወን፡፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ'ውን ካብኡ ዝፍለ ኣይኮነን፡፡

# ሰንዓፈ - ብቕዓት ትምህርቲ ክብ ንምባል ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ክብ ንምባል ዝዋገር ሓገዛትን ገምጋማትን ብዋዜ ዝዕቀቦን ለውጢ ዘምጽእን ክኸውን ከምዝምዕቱ፡ ካብ 18 ክሳብ 20 ለካቲት ኣብ ዝተገበረ ዘተ ተገሊጹ፡፡



ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዑመርዲን መሓመድ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻቡ፡ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2025/2026 ካብ 1ይ ክሳብ 11 ክፍሊ ካብ ዝተመዝገቡ 47 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 15,600 ተመሃሮ፡ መጠን ምሕላፍ ብማእከላይ ገምጋም ኣስታት 84 ሚእታዊት ከምዝኾነ ሓቢሩ፡፡

ምስ ዝሓለፈ ዓመተ-ትምህርቲ ብምንጽጻር፡ ተመዝገብቲ ዘሎ መጠናዊ ምምሕያሽ፡ ውጽኢት ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምድንፋዕ ዝምድና ተመሃሮ፡ መምህራንን ወለድን ናብ'ቲ ዝድለ ሽቶ ንምብጻሕ ደራኺ ስለዝኾነ፡ ብዝለዓለ ከምዝድፋኣሉ ኣረጋጊጹ፡፡


ስእሊ. መሓመድ ኣይፈራሕ

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ግርማይ ጉብረሂወት ብወገኑ፡ ንመሰርሕ ምምሃርን ምስተምሃርን ዝዕንቅፉ ሕጽረታትን ጸገማትን ንምውጋድ፡ ከምኡ'ውን ምቁራጽ ተመሃሮ ንምግታእ፡ ኣብ መንጎ ትካላት ትምህርትን ሕብረተሰብን ዘሎ ርክብ ክሕይል ጸዊዑ፡፡

ደገፍ መሻርኽቲ'ውን ኣገዳሲ ምዃኑ ዝጠቐሰ፡ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ጸገ ህብትዝጊ፡ ጸገማት ኣለሊኻ መፍትሒ ምንዳይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣካል ናይ'ቲ ፍታሕ ምዃን ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ብዕቱብ ክስርሓሉ ኣዘኻኺሩ፡፡

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ምስ ትካላት ስሩዕ ትምህርቲ ተጸጊዐን ኣገልግሎት ዝህባ ኮሚቲ መዋእለህጻናት ንዕኦን ዝኸውን ህንጻታት ክስራሓለን፡ ኮሚቲ ወለዲ፡ ኣብያተ-ትምህርትን ኣመሓደርቲ ከባቢን ብውህደት ዝሰርሑሉ መዳይ ክፍጠር፡ ሕጽረት መጽሓፍቲ ፍታሕ ክናደየሉ፡ ብሉጻት ተመሃሮን መምህራንን ክተባብዑ፡ ከምኡ'ውን ድኻማት ዝርአዩ ተመሃሮ ብዋዕኡ ተለልዮም ኣካዳሚያዊ ደገፍ ክግበረሎም ዝብል ሓሳባት ኣቕሪቦም፡፡

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓሰብ ብ19 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ርክብ፡ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ን/ዞባ መምህር ካሕሰ ሞገስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ዝጠዙሓ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝበረ ሕጽረታት ንምፍታሕ ህዝቢ ብሓፈሻ ምምሕዳር ከተማ ዓሰብ ድማ ብፍላይ ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝገበረ ሓቢሩ፡፡

# ጋሽ ባርካ - ኣብ ስርዓተ ቁጽጽር ተሽከርከርቲ ዘተኰረ ስልጠና ተዋሂቡ

ጨንፈር ብዓል-መዚ መጎዓዝያ ምድሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብቕዓት ተሽከርከርቲ ንምፍታሽን ሓደጋታት ትራፊክ ንምንካይን ዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ ንምዕዛዝ፡ ኣብ ስራዓት ቁጽጽር ተሽከርከርቲ፡ ኣተሓሕዛ ሕሳብን መምልኢ ዳታ ዓመታዊ መርመራ ተሽከርከርትን ዘተኰረ ስልጠና፡ ብ21 ለካቲት ኣብ ባረንቱ ንኣባላቱ ወዲቡ፡፡

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሃይለ ኣብርሃ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተቖጻጸርቲ ብመሰረት ሕጋጋትን ኣዋጃትን ዝካየድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ ምስክር ዓመታዊ መርመራ ከይሓዛ ኣብ ልዕሊ ዝንቀሳቐሳን ኣብ ዘይተፈቐደለን መስመር ዝጥፍኣን ተሽከርከርቲ ዘድሊ ስጉምቲ ክወስዱ ተማሕጺኑ፡፡





ኣቶ ሃይለ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ጽሬት ዝተሓዝዘ ዳታ ተሽከርከርቲ እወታዊ ውጽኢት ከምዝህልዎ ኣሚቲ፡፡

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና ኣብ ስርሖም ንዝህልዎ እወታዊ ኣስተዋጽኦ ብምጥቃስ፡ ኣብ ጽርግያ ዝርከብ ኣግራብ ንሓደጋ ስለዘቃልዕ ክጽንጸል፡ ከምኡ'ውን ዝተቐጽዑ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ክፍሊቶም ኣብ እዋኑ ከግልሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም፡፡

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፈት ሓጉስ

# ካብ ቀዳሕቲ፡ ናብ መሃዝቲ ተክኖሎጂ



ቀዳማይ ክፋል

ተክኖሎጂ ናይዚ እዋን ዓቢ ጉዳይ ካብ ምዃን ሓሊፉ መንቀሊ ጂኦፖሊቲካውን ንግዳውን ቁርቁስ ሃገራት፡ መተግበሪ ወተሃደራዊ መናውራታትን ስርሒታትን ብኣጠቓቕላ ድማ መቓቕሊ ደቂሰብን ኮይኑ ይርከብ። ተክኖሎጂ፡ ምሸው ናብራ ካብ ዘስተማቕር ክሳብ ንምንባር ዝቃለስ፤ ካዕቡት ካብ ዝኸፈል ክሳብ ንድራር እሉቱ ቅንዑ-ደፍእ ዝብል ሰብ፡ ኣብ ዲቕ ዝበለ ምዕቡል ከተማ ካብ ዝነብር ክሳዕ ብርሃን ኤለክትሪክ ምርካብ ብርቂ ዝኾና ሰብ ከም ሪቡላ ወይ ሰግኣት ዝርእዮ ክስተት'ዩ። እዚ ከኣ ተክኖሎጂ ንናብራ ደቂሰብ ክንዲ ምንታይ ናይ ምጽላው ተኽእሎ ከምዘለዎ ዘርኢ'ዩ። ኣብ ዘመናዊ ውዳብ ደቂሰብ ከም መሰረታውያን ኣሃዱ ዝግለጻ ሃገራት'ውን ዕሽሽ ዘይብልኦ ጉዳይ እዚ'ዩ። ፍልልዩ፡ ንዝፍጠር ክስተት ከመይ ይሕዝኦ፡ መላሲ (ሪኣክቲቭ) ኣጉዚብ ደየን ዝኽተላ ወይስ ኣማዕዳዊ (ፕሮዳክቲቭ) ዝብል'ዩ። ሓንቲ ሃገር ንተክኖሎጂ በየን ትምልከቶ ድማ ብሓደሽ ተክኖሎጂ ንዝኸሰት ነውጺ ናይ ምጽዋር ዓቕማ ዝውስን'ዩ። እተን ናይ ዝመጸ ተክኖሎጂያዊ ምዕባለ ነውጺ ኣብ ምድላስ ዝጽመዳ እተን ዝደኸመ ቀመና ዘለወን ሃገራት እየን። እተን ዝበለጸ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለወን ድማ እተን ንተክኖሎጂ ብኣማዕዳዊ ኣጉዚብ ዘመሓድራኦን ኣብ ምቅላሱ ተራ ዘለወንን እየን።

## ቀዳሕትን መሃዝትን

ኣብዚ እዋን ብዞባ ምቅዳሕ፡ ምስራቕ ወይ ካልእ ዘይቅቡል ዝበሃል ኣጉዚብ ተጠቒምካ ብኻልኦት ዝተማህዘ ተክኖሎጂ ምርዓም፡ ኣብ ጥቕምካ ምውዓል ወይ'ውን ማሰል ዋንነት ናይ ዝተፈላለየ ምህዞታት ብዘይምኽባርን ናብኡ ብምስጋግርን ትፍለጥ ሃገር መን'ያ ዝብል ሕቶ እንተዝለዓል ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ትመጽእ ሃገር ቻይናን'ያ እንተተባህለ ምግናን ኣይከውንን። ምቅዳሕ ወይ'ውን ምስራቕ ተክኖሎጂ ቅቡል ደዩ ኣይኮነን ንዝብል ሕቶ ንግዜኡ ኣወንዚፍና፡ በዚ ተግባር ትግለጽ ወይ'ውን ትሕመ ካልእ ሃገር ከ ኣላዶ ዝብል ሕቶ ምምላሽ ኣድላዪ እዩ። መልሱ እወ፡ ኣላ እያ ዝብል'ዩ። እታ ሃገር ከኣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ'ያ። ሚካኤል ሊንድ፡ 'ላንድ ኦፍ ፕሮሚስ' ኣብ ዘርእስታ መጽሓፉ ካብ ዘስፈሮ ዝስዕብ ነጥብታት ንመልከት።

- ኮክ፡ ኣብ 1787፡ ጸሓፊ ማሕበረሰብ ፐንስለቫንያ ንምትብባዕ መሰነዝን ኣድማዒ ጥበብን ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ'ዩ። ኣንድርው ሚሽል ንዝተባህለ እንግሊዛዊ ሰራተኛ ድማ ናብ እንግሊዝ ተመሊሱ ኣብቲ እዋን ምስ ብሉጻት ይሰርሕ ካብ ዝነበረ ኢንዱስትሪ ዓለብ ተክኖሎጂ ሰሪቑ ናብ ኣመሪካ ክምልስ ኣድላዪ ደገፍ ገይረሉ። እቲ ውዲት ግና ሚሽል ስለዝተኸሸለ ኣይሰለጠን። ሚሽል ከኣ ናብ ኮፐንሃገን ክሃድም ተገደደ።

- ቶማስ ዲግስ፡ ኣስታት ክልተ ደርዘን ዝቑጸሩ እንግሊዛውያን ክኢላታት ዓለብ ብስግረ-ዶብ ናብ ኣመሪካ ዘእተወ ወይ ዘሰገረ ሰብ'ዩ። ገለ ካብኦቶም ድማ ኣቦ መሰንዕ ኣመሪካ ተባሂሉ ብዝጽዋዕን ቀዳማይ ጸሓፊ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ዝነበረን ኣለክሳንደር ሃሚልተን ስራሕ ዝተቖጽሩ ምዃኖም ይፍለጥ።

- ኣብ 1791፡ ጆርጅ ፓርኪንሰን ዝተባህለ እንግሊዛዊ ኣላማዪ፡ ናይቲ ኣብ እንግሊዝ ዝተማህዘ ናይ ዓለብ ተክኖሎጂ መሰል ዋንነት ኣብ ኣመሪካ ተዋሂብዎ ክሰርሕ ጀመረ። ቀጺሉ ድማ ብደገፍ ኣለክሳንደር ሃሚልተን፡ ብመንግስቲ ኣብ ዝምወል ማእከል ምስናዕ ስራሕ ተቖጸረ። ነቲ ንፓርኪንሰን ዝተዋህበ ናይ ዋንነት መሰል ዘስለጠ ድማ ኣብቲ እዋን ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ድሒሩ ድማ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝኾነ ቶማስ ጀፈርሰን እዩ።

- ፊንስ ቦንድ፡ ኣብ 1787 ኣብ ፊላደልፍያ ቆንስል እንግሊዝ ዝነበረ ኮይኑ ካብ እንግሊዝ ናብ ኣመሪካ ብኮንትሮባንድ ዝመጸ ኣርባዕተ ፈተልቲ ማሽን ዓዲጉ ናብ እንግሊዝ ከምዝምለሳ ዝገበረ'ዩ።

## ምምዕባልን ምዕቃብን ተክኖሎጂ

እንግሊዝ፡ መፈጠር ኢንዱስትርያዊ ሰውራን ወናኒት ምስጢር ዕዉት ኢንዱስትሪ ዓለብን ምንባራ ይፍለጥ። ክንዲ ዝኾነት ከኣ ነቲ ምስጢር ኣብ ምዕቃብ ብትኩርነት ትሰርሕ ነይራ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድማ ኣብቲ እግሪ ትተኽለሉ ዝነበረት እዋን ብዞባ'ቲ ብሉጽ ዝበሃል ዝነበረ ተክኖሎጂ ዓለብ እንዶ ኣይነበራን። ንሱ ንምቅልባስ ድማ ሓያሊይ ሓሳቡት ካብ እንግሊዝ ከምዝወሰደት ወይ'ውን ከምዝሰረቐት ይፍለጥ። ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ 1872 ቁጠባ ኣመሪካ ንቑጠባ እንግሊዝ ክበልጾ ክኣለ፡ ብዙሕ ከይጸንሐ ድማ ናይ ዓለም ዝበለጸ መሪሒ ኢንዱስትሪ ከምኡ'ውን ሰለይቲ ተክኖሎጂ ዝምርሸዎን ዘዕርፉሉን ቁጠባ ክኸውን በቐዐ። ኣብ 1918፡ ቁጠባ ኣመሪካ ካብ ድምር ቁጠባ እንግሊዝ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ዝዓበየ ኮነ። እቲ ብዘተክኖሎጂ ንዘቐደማኻ ትኣሰት ወይ ሃገራት ናይ ምምዕርራይ ወይ'ውን ናይ ምብላጽን ኢንዱስትርያዊ ዕብየት ናይ ምርግጋጽን ትልሚ ድማ ክሳዕ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ።

ቻይና፡ ኣፍ-ደገኣ ካብ ዘርሓወትሉ ዓመት ኣትሒዛ ንዝቑጸራ ሐደት ዕቑዳት ካብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለምና ንዝተረኸበ መሰል ዋንነት ኣብ ምውናን ብዘይ-ሕጋዊ ትሰርሕ ምህላዋ ይግለጽ። "ካብ ኩባንያታት ኣመሪካ ተክኖሎጂ ትሃድነሉ ብልሓት፡ መሰል ዋንነት ንምምዝሓቕ ብዘኽእል ዝተዋደደ ሜላታት ከምዝትግበር፡ ብዋዒ ዝትግበረሉ እዋን'ውን ከምዘሎ" ኣብ 'ዎል ስትሪት ጆርናል' ብሓደ ዘይሕገስ ምስክር ዝቐረበ ኣርእስቲ ናይ ጽሑፍ የመልክት።

ገለ ወሓቢቲ ርእይቶ፡ ንቻይና ብስርቂ መሰል ዋንነት ይኸስዋ እዮም። እቲ ኣብ ምቅዳሕ ዘተኩር ባህሊ ድማ ንምህዞ ዝምችእ ከምዘይኮነ የስምሩሉ። ኣብ 2011፡ ኣለክሳንድራ ሃርኒይ ዝተባህለት ጋዜጠኛ፡ "ቻይና፡ ንኩባንያታታ ይኹን ንስራሕተኛታታ ሓደሽ ሓሳብ ከመንጭዉ ዝዕደ ጸቕጢ ኣብ ትግበረሉ እዋን ዝዕዳ ናይ ካልኦት ስራሕ ኣብ ምቅዳሕ ይጽመዱ. . . ኣብ ከምዚ ዝበለ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕቤትን ጽዑት ዝጠዘሐ ፍርዳዊ ስርዓት ዘለዋ ሃገርን ድማ ብጠዝሒ ዝዕወቱ እዮም ሸፈጥቲ እዮም። እቲ ኑዩም ቅሉዓት ዝኮሰኸል ስርዓት ድልዱል ኣይኮነን። ቅልጡፍ ዕቤት ኣብ ዘለዎ ዕዳጋ፡ ቀልጠፍም ረቡሓኦም ዘውሕሱ ድማ ሸፈጥቲ ቀዳሕቲ እዮም። እቲ ዓውዩም ድማ ንናይ ቻይና ናይ ምቅዳሕ ባህሊ ከም ዝቕጽል ዝገብር'ዩ" ትብል።

ኣብ 2016፡ ፒተር ጉይ ዝተባህለ ኣብ ዓውዲ ፋይናንስ ዝጽሕፍን ዓለምለኻዊ ጋዜጠኛ፡ "ኣብ ቻይና፡ ምቅዳሕ ተክኖሎጂ ይኹን እቲ ኣብ ፈቲሕካ ምግጣም ዘተኩር ምህንድስና (ሪቨርስ ኢንጂነሪን) ንምብጋስ ሓደስቲ ፍርያት እኳ እንተኣቀላጠፈ፡ ንተወዳዳርነት ቻይና ግና ባሕጉግዎ'ዩ። ምስራቕ መሰል ዋንነት ንኩባንያታት ቻይና ምሓር ኣርቢሓወን'ዩ። ነቲ ዝቕጽል ወለዶ ወይ ሓደሽ ተክኖሎጂ ናይ ምምዕባል ዓቕመን ግና ደቒስዎ'ዩ። ዝ ንምግዛብ ኣብ 'ሃርድዌር'፡ 'ሶፍትዌር' ከምኡ'ውን ኢንተርነት ዘሎ ኻፍሰወከፍ ወሳኒ ዝበሃል ተክኖሎጂ ምርኣይ እኹል'ዩ። ትምክሕታዊ ወይ'ውን ሃጸያዊ ብዘይኮነ ቃና፡ ሐደት ካገራት እንተዘይኮይኑ ኩሉ ብኣመሪካ ዝተሰርሐ'ዩ" ዝብል ምጉት የቕርብ።

ቻይና፡ ናይ ካልኦት ተክኖሎጂ ብትግዞትን ብዘይምሕላልን ቀዲሓ'ያ። ግደ ሓቂ ኩባንያታት ኣመሪካ ምስ ናይ ቻይና ኩባንያታት ኣብ ዝኣተውኦ ሽርክነት ከምኡ'ውን ኩባንያታት ቻይና ኣብ ናይ ኣመሪካ ይኹን ናይ ካልኦት ሃገራት ኩባንያታት ኣብ ዝገበርኦ ወፍሪ ምስጥጋር መሰል ዋንነት ናብ ቻይና ከም ግዴታ ዝቐርብ ነጥቢ'ዩ።

ቻይና ተሰላሲሉ ዘላ ዕዮ ግና ኪኖ ምቅዳሕ፡ ምስራቕ፡ ምምዝሓቕን ምግልባጥን ተክኖሎጂ ዝግለጽ'ዩ። ቻይና፡ ብምህዞ መሪሒት ናይ ዓለም ንምዃን ብድፍረትን ቆራጽነትን ዝወሰነት ሃገር'ያ። እዚ ሸቶ ንምጭባጥ ድማ ብዙሓሽ ቀመና፡ ኣብ ዝሓሸ ጎደና ትምርሽ ኣላ። መራሒኣ፡ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ፡ መጻኢ ምህዞ ሃገራዊ ቀዳምነት ቻይና ከምኡ'ውን ተክኖሎጂያዊ ምህዞን ንስጋእን ዘይንጽል ኣካል ናይቲ ሓምሽተ-ዓመታዊ ወጥና ከምዝኸውን ገይሩዎ ይርከብ። ኣብቲ፡ ኣብ 2006 ዝተዳለወ ናይ ማእከላይን ርሑቕን እዋን 'ሃገራዊ ፕሮግራም ንምዕባለ ሰፍልጠትን ተክኖሎጅን' ይኹን ኣብ መግለጺታት መራሕቲ መንግስቲ ብዝጸር ዝግለጽ ሽቶታት ቻይና ድማ፡ "ኣብ 2020 'ናይ ምህዞ ሃገር'፡ ኣብ 2030 ዓለምለኻዊት መራሒት ብምህዞ፡ ኣብ 2050 ድማ ብሰፍልጠታውን ተክኖሎጂያውን ምህዞ ንብለል ናይ ዓለም ምዃን" ዝብል'ዩ። ኣብ ዋኒን ዘተኩራ ማዕከናት ዜናውን ኑቲ ለውጢ ወይ ምስጥጋር ኣስተብሂለናሉን ጽሒፈናሉን እየን። "'ሲሊኮን ቫሊ' ኣብ ከርሲ ቻይና፡ ካብ ቀዳሕቲ ናብ መሃዝቲ" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ 2018 ብጋዜጠኛ ሲ.ኤን.ኤን ዝቐረበ ጸብጻብ ማት ሪቨርስ ድማ ሓደ ተጠቃሲ ኣብነት'ዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ኣብ 2015 ብፕሪመር ሊ ዝተኣወጀ፡ ተበግሶ 'ኣብ 2025 ኣብ ቻይና ዝሰራሕ'፡ ቻይና ልዑል ተክኖሎጂ ኣብ ዘለዎ መሰንዕ ዓለማዊ ጸብለልታ ዘለዋ ሃገር ንምግባራ ዝዓለመ ትልሚ ዝሓዘ'ዩ። እቲ ተበግሶ፡ ነቲ ኣብ 2013 ብመንግስቲ ጀርመን ዝተሪዕመ ስትራተጂ ኢንዱስትሪ 4.0 ኣብነት ዝገበረ'ዩ ዝመስል። እቲ ናይ ጀርመን ስትራተጂ፡ ነቲ ድሮ ብልዑል ምዕባለኡ ዝፍለጥ ናይ መሰንዕ ዓቕሚ ጀርመን ብኮምፒዩተር ከምዝድገፍ ብምግባር ኣዚኻ ምሒያሉ ኣብ ዝብል ሓሳብ ዝተሃንጸን ዝተሃንደሰን ትልሚ'ዩ።

እቲ ንጹር ሓቂ ግና ቻይና ወሳኒት ንዝበሃሉ ሰፍልጠታውን ተክኖሎጂያውን ምህዞታት ንምዕባላ ዘኽእላ ኣተኩሮኣን ድሌቱን ዘጸረ ውጥን ምምዕባላ ከምኡ'ውን መንግስቲ ሽቶታት ናይቲ ውጥን ንምጭባጥ ዝፍ ወፍሪ ዝገብር ምዃኑ'ዩ። ኣብዚ መዳይ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተኻይዶ ወፍሪ ብመዓጸሪ'ቲ ቻይና ተካይዶ ኣዞሚደካ ክርእ እንከሎ ትሓት ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነ ምንቁልቛል ከምዝርአየ ይግለጽ። ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብሰፍልጠትን ተክኖሎጅን ክትቀድም ወይ ክትድሕር ካብ ዘቃልዓ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እዚ ምዃኑ ይግለጽ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እዚ ጉዳይ ብቑሪጽነት ምላሽ ንምሃብ እንተዘይተላዒላ ድማ ኣብ ሓጺር እዋን ዝኸሰት ሓቂ ክኸውን እዩ።

ኣብዚ እዋን ፕረዚደንት ትራምፕ ዝወሰዶ ዘሎ ዝተፈላለየ ኣሰምት ዝተጎልበበ ስጉምትታት ድማ ንቻይና ካብቲ ጸሚዳትሉ ዘላ ምርሻ ንተክኖሎጂያዊ ዕብለላ ንምሕንካል ዝዓለመ'ዩ። ብዝተፈላለየ ማዕከናት ዜናን ክኢላታትን ንዘውሓብ ዝበረ ናይ ደወል ስምዕታ ዕሽሽ ምባል ተሪፉ፡ ተክኖሎጂያዊ መሪሕነት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምውሓስ ጉያ ፍርቂ ለይቲ ተጀሚሩ ኣሎ። እቲ ከምዝቐደምዕ ዝግለጽ ዝበረ ኢንዱስትርያውን ተክኖሎጂያውን ንብዞ ቻይና፡ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነውጺን መርገምን ፈጢሩ ይርከብ። "ኩነት-ኣእምሮ ንምእታው ሚንግ 'ማይክሮቺፕ' ናይ ምፍጣር ዓቕሚ የብሉን። ዓበይቲ ፕሮጀክትታት. . . መሪጸምታኦም ዝዛሪ ንብዮት'ዩ ክኸውን" ዝብል ዝበረ ታዕናን ኣካልጻ ከምቀደሙ ክቐውም ኣይከኣለን። ኣዝዮም ዝርዝራውያን ዝኾኑ ኣብ መበቆላዊ ምህዞ ዘተኩሩ ወጥናት ክመጽኡ ምስ ጀመሩ ድማ ኣመሪካውያንን ኤውሮጳውያንን ፖሊተኛታት ዓንዲ ሕቆ ሃገራዊ ቁጠባኦም ወርደት ከስዕም ብኣዒንቶም ይዕዘብዎ ኣለው።

ይቕጽል

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበበት |
| 15:10 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:50 | ፓናሮማ |
| 16:15 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 18:30 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ነገረ ምሁራት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ኣብ ሳሕልን ሳዋን ተዓሊሙ ዝወጸ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ኣራዩ እሾኹ ብምዃን መገዲ ናይዛ ሃገር ከልምጽ ክደምን ክርህጽን ጸኒሑ ኣሎ። ሳሕልን ሳዋን ተዋጋእትን ኣዋጋእትን ወተሃደራት ጥራይ ኣይኮናን ኣፍርየን። ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ዝበለጹ ጸሓፍቲ፡ ደረስቲ፡ ተመራመርቲ፡ ሓሰብቲ፡ መምህራን፡ ሓካይም፡ ኢንጅነራት፡ ጋዜጠኛታት፡ ኣመሓደርቲ፡ ደረፍቲ፡ መካኒካት፡ ተዋሳእቲ፡ ሰኣልትን ካልኦት ሞያውያንን ብሳሕልን ሳዋን ዝመጹ እዮም። ካብዚ ወጻኢ ዘሎ መመላእታ'ዩ። ኣብዛ ሃገር ብቛንቋ ናይዛ ሃገር ካብ ዝፈረዩ ዝበለጹ ልብወለዳዊ ድርሰታት፡ ታሪኻዊ ምርምርራት፡ ፊልምታት፡ ደርፍታት፡ ስነ ህንጻዊ ቅዲ፡ ቅብኣን ስእልን፡ ሰንዓን ምህዞን ብተጋደልትን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዝፈረዩ እዮም።

ልዕሊ ብኣስማቶምን ግብሮምን በቲ ዩኒቨርሲቲታት ዝዓደልኦም ኣካዳምያዊ ማዕርግ ክፍለጡ ዝደልዩ ብዙሓት ምሁራት ኣለዉ። እዚ ህዝቢ ፍረ ትምህርቶም ክለክፍ ሃረር እናበለ ሞሶቦም ምኽፋት ዝቐበጹ ምሁራት'ውን ኣለዉ። ካብ ምፍጣር ንላዕሊ ንዝተዓየ ብምሳር ነቐፌታ ምጽልጻል ይብርሆም። ብቛንቋ ኣደኦም ዘይዛረቡ እውን ኣለዉ። ብዙሓት 'ምሁራት' ደረጃ ፍልጠቶም ብመጠን ንቛንቋኦም ዝረስዕዎ እናለክዑ ብትግርኛ ክዛረቡ ክጸዓሩ ተዓዚብኩም ኣለኹም። ነቶም ካብ ውሽጢ ፈንጺንም ክወጹ ዘዕለብጡ ቃላት ትግርኛ ክቕይዱ፡ ነቲ ድሒሮም ዝወሓጥዎ ቃላት እንግሊዝ ከኣ ሃሰው ኢሎም ክረኽብዎ ዝገብርዎ ጻዕሪ ንጸላኢኻ'ኳ ኣይትምነየሉን። ብትዕዝብተይ፡ ኣብዚ ሃገር ቋንቋኡ ኣጽርዩ ዝመልኽን ብቛንቋኡ ክዛረብ ስኽፍ ዘይብሎን ሰብ ከም ኣባላት ሰራዊት ኣይረኣኹን።

ዲግሪ ዝጸቐጦም ከርናናት ምሁራት ርኢኹም ትፈልጡዶ፧ ትምህርቲ ዝነፍሖም ቊብቁባትከ፧ ምስ ተማህሩ ንዘዕበዮም ከባብን መተዓብይቶምን ዝፍንፍኑ መንእሰያትከ ጉኒፎምኹምዶ፧ ርሑቕ ንዘሎ ከቋምቱ ተዓንቂፎም ዝወድቁኸ፧ ላዛ ዝሓጥጥ ትምህርቲ ግዲ ተማሂሮም ክጻረፉ፡ ክወቕሱን ከቍረምርሙን ዝውዕሉ ምሁራት እውን ግድን ትፈልጡ ኢኹም። ኣብ ጥቓኦም ጽባቐ ዘይርእዩ ዕዉራትከ፧ ንባዕሎም ምስ ኣብ ቻይናን ኣመሪካን ዝለዉ መዛናኦም ዘይተወዳደሩ፡ ነዛ ዓዲ ምስ ቻይናን ኣመሪካን ከነጻጽሩ ዘይሓፍሩ እውን ዛሕ ኢሎም ኣለዉ። ከምቲ ዓቢ ደራሲ በየነ ሃይለ "ክዳኖም የጽርዩ መገዲ ሰብ ግን የርስሑ" ኢሉ ዝገለጾም ምሕንኳል ዝኽእሎም'ውን ኣለዉ። ግለጹልና እስከ ምስ ተባህሉ፡ ኣቕልል ኣርጥብ ኣቢሎም ክንዲ ዝገልጹልካ ሰልፊ ሰልፊ ሽንኩለል ዘብሉኻ ውሑዳት ኣይኮኑን። ከምዚኦም ምስ ርኣየ'ዩ በየነ ሃይለ፡ "ሸርባጥ ኣስተምህሮ ዝህቡ ቀለም ቀመሳት" ኢሉ ዝወዘየም። ነገረ ምሁራት ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ።



ነቲ ኣብ መሸጣ መጽሓፍቲ ዝወረደ ፍረ ጥበብን ፍልጠትን ሸሚቱን ተለቒሑን ከም ሕሱም ዘህልኽ ብጻይ ኣሎኒ። ኣስማት ናይቶም ብኣካዳምያዊ ማዕርጎም እንፈልጦም 'ምሁራት' ኣብ ገበር ናይቲ ዝንበቦ መጽሓፍቲ ስለ ዘይረኸቦ ፍልጠቶም ሒዞም ዝወርድሉ ዕዳጋ ኣበይ ምዃኑ ሓቲቱኒ። ሕቶኡ ንሓይሊ ትዕዝብቱ ዝሕብር ብምንባሩ ብውሽጠይ ተገሪመሉ። ይኹን ኣይኹን ከይፈለጥኩ "ፍርያቶም እንተውሑድ ኮይኑ እንተ ዕዳጋ ኣይንረኽበሉን ኢና ኢሎም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ንተመሃሮ ጥራይ እዮም ዝሸጡዎ፡" በልክዎ። ንዝበልክዎ እና'ኩማስዐ እንክሎ ከኣ "ብምርምር ዝኣከብዎ ፍልጠት ከኣ ስሕት ኢሎም ንደገ ይሰዱ እዮም፡" በልክዎ። ሰደድ ትርፊ ምስ ኣፍሪኻ ጥራይ ዝካየድ ንጥፈት ምዃኑ ስለ ዝፈልጥ ደንጽዩዎ፡ "ንዓና ዘጽግብ ፍልጠት ዘየፍረና እናበልና ደኣ ከመይ ንደገ ይሰድዎ፧" ኢሉ ናይ ምግራም መንፈስ ኣብ ገጹ ወሊዑ ተወከሰኒ። ንዘቕርበለይ ሕቶታት ምምላስ ስለ ዘድከመኒ፡ "እዚኣስ ንዕኦም ኢኻ ትሓቶም፡" ኢለ ዓጸኽዎ። ነዚ ህዝቢ ከም ንፋጥ ዘለዎ ቀልዓ እናፈንፈንዎ፡ ፍልጠቱ እናሸጡ ግን ይሸለምሉ ምህላዎም ከም ብሓድሽ ተረደኣኒ'ሞ ኣቖንዘወኒ።



ሕብረተሰብና ንፍልጠት ከም ናይ ውልቁ ንብረት ኣይሕዞን እዩ። ክሕዞስ ይትረፍ ስሙ ከማን ኣይጽሕፈሉን። እዞም ኩሎም ምስላታት፡ ወግዕታት፡ ጽዋታት፡ ባህላዊ ፍወሳ፡ ባህላዊ ምሕደራ፡ ባህላዊ ፍርድን ኣፈታትሓ ግጭትን ወዘተ ናይ ሓባር ንብረት ክኾኑ ሓዲግዎም እዩ። እቲ ህዝቢ ዝፈጸሞ ታሪኽ ጽሒፍካ ዶክተር እንተ በልካ፡ ብኽመይ ልዕሊ'ቲ ህዝቢ ትኸውን፧ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ እናሓሰብኩ ብዓል በየነ ሃይለ፡ ንጉጊ ዋ ትዮንጎ፡ ኤድዋርድ ሳይድ፡ ፍራንሲስ ፋኖን ብሕልና ኣብ ቅድመይ ኮፍ ኢሎም ብዛዕባ ባህሪ ምሁራት ክካትዑ ተራኣዩኒ። ነቶም ምሁራት ሳልሳይ ዓለም "ኣብ ግዜ መግዛእቲ ህዝቢ ክጋደል ንበረኻ እናወጸ ተጸቒጦም ዝተረፉ፡ ምስ ገዛእቲ ኮይኖም በትሪ ዘቐበሉ እዮም፡" እናበሉ ከማርርዎም ሰማዕኩ።

ብፍላይ ፋኖን፡ "እዚ ግዙእ ህዝቢ ዕረ እናለሓሰ እንክሎ ተረፍ ጽጋብ ገዛእቲ ካብ ብያቲ መዓር ከልምጹ ቅኒን ዝብሉ ዝነበሩ እዮም። ነዚ ህዝቢ ዘሸጥዎ ዘለዉ ፍልጠት ንጽህናኡ ኣይነኣምኖን ኢና፡" ኢሉ ክኾነኑ ዝጸውዕ ዝነበረ መሰለ። ኤድዋርድ ሳይድ ከኣ ትቕብል ኣቢሉ ምሁራት መግዛእቲ ነታ ሓቂ ካብ ህዝቢ ክሰውራ እንክሎ ሓገዝ ከም ዝሃቡ ብምእማን፡ "ምሁር መልእኽቲ፡ ኣረኣእያ፡ ኣተሓሳስባ፡ ፍልስፍና ናይ ህዝቢ ዝውክል፡ ዝጸውር፡ ዝገልጽ ክኸውን ኣለዎ፡ " በለ ጭሕሙ እናሰሓበ። ንጉጊ ዋ ትዮንጎ ከኣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ምሁራት ዝወርድ ዝነበረ ወቐሳ ከም ዝድግፎ ገሊጹ ኣብ እዋን ቃልሲ፡ "ሓቀኛ ናይ ፍልጠት ጉሪላታት" ክኾኑ ኣይከኣሉን ክብል ወቐሶም። ንምሉእ ቊጠባውን ፖለቲካውን ሓርነት ክጉናጸፍ ዝቃለስ ጸረ-ሃጸያዊ ሓይሊ ንምዃን ከም ዝፈሸሉን ካብ ገዛእቲ ፈልዩ ንምርኣዮም ከኣ ከም ዝሸገርን ወሲኹ ገለጸ።

በየነ ሃይለ ነቶም ብዓል ፋኖንን ዋትዮንጎን ብጥቕሉሉ ምሁር ኢሎም ዝሓለፍዎ ዝያዳ ንምንጻሩ ምሁራትን ቀለም ቀመሳትን ኢሉ ኣብ ክልተ ገዚዮም። ነቶም ካብ ምምሳል ናብ ምዃን ዘሳገር ቢንቶ ምስራሕ ዝተጸገሙ ምሁራት 'ቀለም ቀመሳት' ዝብል ቅጽል መለለዪ ክኾኖም ለጠፈሎም። በየነ ሃይለ ብተዋስኦ ምዝራብ ስለ ዝፈቱ ንሓደ ዓብዱ ዝበሃል ዝሃነጸ ጠባይ ብድራማዊ መልክዕ ኣናዘዞ። ዓብዱ መጋረጃ ቀሊዑ "ኣብ ዘይዳስና ዝሳዕሳዕና፡ ዘይደርፍና ዝደረፍና፡ ኣእምሮናን ጉልበትናን ንመዓልታዊ ናብራ ዝሸጥና፡ ካብ ደገል መግዛእቲ ዘይተገላገልና፡ ንሕሉፍ ሕፍረትና ብሓሶት ትምህርትናን ተመኩሮናን ክንሽፍን ላሕ ንብል ዘለና ድኹማት ዓሌት ኢና፡" ኢሉ ተሰወረ። በየነ ባዕሉ፡ "ትምህርቲ ኣብ መዓላ ሓፋሽ ዝውዕል ንብረት እምበር ከም መጋየጺ ኣቕሓ ኣብ ገዛኻ ዝሰቀል ኣይኮነን፡" ብምባል ከም ሕርቕ ኢሉ ተዛረበ።

ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ናብቲ ኣኼባ መዓስ ከም ዝተሓወሱ ኣብ መንጎ በየነን ዋትዮንጎን ኮፍ ኢሎም ረኣኹ። ኣቦይ ወልደኣብ ከኣ ብህዱእ ድምጺ፡ "እቲ ምሁር ሊቕ ለባም ኪበሃል ዝኽእልን ዝግብኦን ሰብ፡ እቲ ብፍቓዱ ባዕሉ ነቲ ጽቡቕ ፈሊጡን መሪጹን ተቐቢሉንሲ ኣብ ግብሩን ኣብ ንብረቱን ከውዕሎ፡ ነቲ ክፉእ ግና ዝሕሰሞን ዝውግዶን ዝቃወሞን ሰብ እዩ፡" ብምባል ርእይቶኦም ሃቡ። ሓደ ስሙን መልክዑን ዘይፈለጥክዎ ግን ኣባል ሰራዊት ዝመስል ከኣ ነቲ ጀብጀብ ጸጕሩ ካብ ግንባሩ እናኣለየ፡ "ትምህርቲ ንምቕሳም ዕድል ዝረኸበ ምሁር ተራኡ እዚ ጌጋ'ዩ እዚ ቅኑዕ እዩ ኢሉ ኣብ ምፍራድ ጥራይ ኪሕጸር ቅኑዕ ኣይኮነን፡" ኢሉ ሓጺር ርእይቶ ሰንደዩ ኮፍ በለ።

ንጉጊ ዋ ትዮንጎ ኣብ ውሽጡ ኮይኑ ከዕገርግሮ ዝጸንሐ ሓሳብ ክተፍእ ብድድ ብምባል፡ "መግዛእቲ ንትርኢት ኣፍሪቃዊ ሓቅታት ዝሪግዎ'ዩ። ንኽውንነት ንቑልቁል ኣፉ ደፊእዎ። እቲ ዝኸፍአ ከኣ ነዚ ግልብጥብጥ'ዚ ዘመኽንዩ ምሁራት ምፍራዩ እዩ፡" ብምባል ብሓዘን ተዋሕጠ። ድሕሪ'ዛ ዘረባ ናብ መሬት ተሰቲዩ ጠፍአ። ሓደ ንነብሱ ብወዲ መኪ ዘላለየ ኤርትራዊ ከኣ ብጎኒ በየነ ሃይለ ተሸጒጡ ጸኒሑ ብምትንሳእ፡ "ምሁራትና መኽዘን ፍልጠቶም ናብ ባይታ ኣውሪዶም፣ ኣብቲ ወሪዶሞ ዘለዉ ጉልጎል ፍልጠት፡ በቲ ለጒሞሞ ዘለዉ ፈረስ እናጋለቡ መንኩርኮር ስልጣነ ሕብረተሰቦም ክውጥጡ እንርእየሉ መዓልቲ ድማ ርሑቕ ኣይከውንን ግዲ፡" ኢሉ ትምኒቱ ንሰማይ ከፉቱ ኣእዳዉ ንላዕሊ ሓፍ ኣቢሉ ተቐመጠ። ፋኖን ከም እንደገና ካብ መሬት ቦሎኽ ኢሉ ርእሱ ጥራይ ብምቕልቃል፡ "ደቀባት ምሁራት ምስ ነጋዶ ብምዃን ኣብ ክንዲ ንህዝቦም ዝመስሉ ነቶም ገዛእቲ ከምስሉ ዝፍትኑ፡ ትርጉም ናጽነትን ክብረትን ዘይፈልጡ እዮም፡" ኢሉ ተዛረበ።

ካብ ወግዒ ሓሳባት ወጽየ ናብ ውነይ ምስ ተመለስኩ፡ ምሁራት ናይዛ ዓዲ ንትሕትና ሰራዊትና ለቢሶም እግሮም ንዝረግጾ ባይታ ክጥምቱ በሃግኩሎም። ኣብ ኤርትራ ምሁር ንምዃን ናብ ዩኒቨርሲቲ ምእታው ኣየድልየካን እዩ። ጥረ ፍልጠት ፈቐድኡ ዛሕ ኢሉ ስለ ዘርከብ ምእካብ ጥራይ'ዩ ዘድልየካ። ኣብ ኤርትራ ባጅላ ዘይብሉ እምበር ፍልጠት ዘይብሉ ሰብ የለን። ፍልጠት ኣብ ባጅላ ከም ቊርሲ ቡን ዝዕደል ዝመስሎም ግን ኣይሰኣንን። ሞተር ዘይብላ ጽቡቕ ጋቢና ዘለዋ መኪና እንታይ ትዓብስ፧ መልክዕ ብትሕዝቶ እንተ ዘይተሰነየኸ እንታይ ዋጋ ኣለዎ፧ ከምቲ ምስሊ ህዝብና ኣብ ሰራዊትና እንርእዮ ምሁራትና ከኣ ምስልና እንርእየሉ መስትያት ክኾኑልና ኢና ንደሊ። እዛ ሃገር ቀለም ዝሸተትዶ ባሩድ ዝሸተተ ትፈቱ፧ ነዛ ሃገርከ ባሩድ ዝሸተቱዶ ቀለም ዝሸተቱ ይፈትዉዋ፧ ኣብ ሳሕልን ሳዋን ኮለጅ ምኽፋት ብኸመይ ይምዘን፧ ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ቅድመይ ተገወዱ። እንተኾነ ግን ነዞም ሕቶታት ገዋዳት ኢለ ሓለፍክዎም እምበር ክምልሶም ደው ኣይበልኩን።

ነዚ ህዝቢ ዘድልዮ ነገራት ብዙሕ ብምዃኑ ነቶም ዘድልይዎ ካብ ምዝርዛር ነቶም ዘየድልይዎ ምዝርዛር ይቐልል። ልዕሊ ኩሉ ግን ገጹ ዝርእየሉ መስትያት የድልዮ። መስትያት ኮይኑ ገጹ ዘርእዮ እንተ ረኺቡ ኣብ ገጹ ዘሎ ርስሓት ኣልዩ ክምልክዕ ኣማላኻዒ ኣየድልዮን እዩ።

# ቢትኮይን፡ መወዳእታ ምዕራፍ ፍልቀት ገንዘብ

ናትናኤል ግርማይ (ሚጋ)
ሚኒስትሪ ፍትሒ

(2ይ ክፋል)

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ሰባት ከመይ ኢሎም ካብ በደላ (ንብረት ብንብረት ምልውዋጥ) ናብ ወርቂ ገንዘብ ከም እተሰጋገሩ፡ ኣብ ሓድሕድ ምልቕቃሕ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ወርቂ ምትሓዙ መረዳእታ ሰነድ ኣብ ሓደ እሙን ዝበሃል ሰብ ወይ ስድራቤት ምትሓዝ ከምእተጀመረ፡ ከም ኣብኡ ድማ ኣብ ዓዲ ጣልያን ንዝበሩ እሙናት ዓቀብቲ ሰነድ ስድራቤት መዲቺ ኣቕሪብና። ጸኒሑ እዚ ናይ ልቓሕ ሰነድ፡ ከም መበደሊ ንብረት ናብ ካልእ ሸያጢ ምስግጋር ከም እተሰምደ እውን ኣዝኢብና።*

ኣብዚ እዋን ድማ ወዲ ሰብ ሓደ ነገር ኣስተብሃለ። ሰባት ክንጽ ናይ ወርቂ ሳንቲም፡ ልቓሕ ናይ ምምላስ መብጽዓ ሰነድ ከም ዘገድስዎ። ብድሕሪ'ዚ ዝተፈላለዩ ሰኣናት ብምድላው ኑቲ ናይ ልቓሕ መዘኑብ ናብ ናይ መብጽዓ ሰነድ ብምቕያር ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታቱ ክጥቀመሉ ጀመረ። እዚ ናይ ልቓሕ ወረቐታዊ ሰነድ ድማ ድሕሪ ነዊሕ ናብ ወረቐት ገንዘብ ማዕበለ። ናይ ወረቐት ገንዘብ ምስ ተመዝዘ ፋይናንሻያዊ ኣገልግሎት ተጸንበሮ። እዚ ኣገልግሎ'ዚ ድማ ሰራሕቲ ወርቂ ቡብወገኖም ኣብ መላእ ኤውሮጳ ኣስፋሕፍሕዎ። ስለዚ ኣብቲ ናይ ወረቐት ገንዘብ ክቀላቐለሉ ዝጀመረ እዋናት፡ ገንዘብ ካብ ቀጽጽር ነጋወሰ ናብ ነጋዶን ተሓዝቲ መዘኑብን ተሰጋጊሩ ነበረ። ከም ውጽኢት ናይዚ መስርሕ'ዚ ድማ እተን ናይ መጀመርታ ባንክታት ተመስረታ። ንባዕሉ እቲ ባንክ ዝብል ቃል ካብ ቋንቋ ጥልያን "ባንካ" ዝብል ዝመጸ ኮይኑ ትርጉሙ መኣዲ ማለት እዩ። እቲ ገንዘብ ከምቲ ኣብ ናይ ወርቂ ሳንቲም ዘጋጠም ዘበረ ተቐራሪጹ ወይ ከኣ ብኻልእ ማዕድን ተተኪኡ ናብ ትሑት ዝዋግኡ ዕድግታት ኣይወርደን ነበረ። ኣብቶም ዝበዝሑ ጥንታውያን ናይ ሳናቲም ኣሰራርት እንተርኢና፡ ብታሕቲን ብላዕሊን ዝተሸራረፉ እዮም። እዚ ከኣ ኣብቲ ቀደም እዋናት ነጋወሰ ይኾኑ ነጋዶ ክፋል ናይቲ ሳናቲም ብምሽራርፍ ኣምኪኾም ካልእ ሳንቲም ብምስራሕ ወይ ከኣ ኣብ ዕዳጋ ብምሻጥ ረብሓ ክረኽቡ ይፍትኑ ከምዝነበሩ ዘረድእ ኣብነት'ዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘሎ ሳናቲም ብጎድኑ እንተስተብሂልና ዝተፈላለዩ ሕንጻጻት እዩ ዘለዎ። እዚ ከኣ ዝኾነ ሳንቲም ክትሸራርፎ ምስ ትፍትን ወይ ፍርቃ ወይ ከኣ ዓቢ ክፋል ናይታ ሳንቲም እዩ ተቐሪጹ ዝተርፍ። እዚ ከኣ ንሳንቲም ካብ ስራሕ ወጻኢ ይገብሮ ኣሎ ማለት እዩ።

ክሳብ ሕጂ ዛንታ ገንዘብ ኣብ ምዝንታው ኢና ጸኒሕና። ነጋውስ ኣብቲ ዝገብርዎ ዝበዙ ውግኣት ኑቲ ዝበረ ናይ ወረቐት ገንዘብ ከም ፋይናንስ ክጥቀምሉ ደለዩ። ኣብዚ ክንርድኦ ዘሎክና ሓደ ሓቂ ኣሎ፡ ንሱ ከኣ ገንዘብን ውግእን ካብ ቀደም ካብ ጥንቲ ተፈላልዮም ከምዘይፈልጡ እዩ። ምኽንያቱ፡ ውግእ ከተካይድ ገንዘብ ኣገዳሲ ስለ ዝበረ። ብቐንዱ ከኣ ካብ ህዝቢ ዝእከብ ናይ ሓደ ዓመት ግብሪ ውግእ ከተካይደሉ እኹል ኣይኮነን። ነጋውስ ኣብ ቀጻሊ፡ ኑቲ ዝወረርዎ ቦታ ወይ ዝሰዓርዎ ህዝቢን ንጉስን ኣገቢሮም ዝኣከብዎ ገንዘብ ስለዘይኣኽሎም ካብ ሃብታማት ነጋዶን ሰራሕቲ ወርቂ ዝበዙ እሞ ናይ ወረቐት ገንዘብ ኣገዳሲ ብምትእትታው ዝሃብተሙን ከም ምንጪ ፋይናንስ ተጠቒሞም ተለቂሑ። እዚ ድማ ሓደ ሰርር ቡተኻዊ ዝኾነ ናይ ፋይናንስ ኣገዳሲ ከምዝተኣታቶ ገበረ። ስሙ ከኣ **መንግስታዊ ቦንድ** ተባሂሉ ተጻውዑ።

መበል ካልኣይ ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ቶማስ ጀፈርሰን "ንሓድሕደን ዝተኣሳሰራ ብሕታውያን ባንክታት፡ ካብ ሓደ ደው ኢሉ ከወረካ ዝጸብ ናይ ጸላኢ ሓይሊ ንላዕሊ ኣዝዩን ሓደገኛታት እየን" ክብል ከሎ ኀና ሓይልን ኣሲጋእነትን ባንክታት ተኑብዩ ነይሩ።

ባንክ ዓዲ እንግሊዝ ኑቲ ኣንጻር ፈረንሳ ዝካየድ ዝበረ ውግኣት፡ ፋይናንስ ኣብ ምግባር ንኽሕግዝ ኣብ 1769 ተመስሪቱ። እዚ ባንክ'ዚ ብብሕቲ ዝውሃን ኮይኑ፡ ካብ መንግስቲ ገንዘብ ናይ ምሕታም ስልጣን ተዋሂብዎ ነበረ። እቲ ዝሓተሞ ናይ ወረቐት ገንዘብ ዋጋኡ ምስ ኣብ ኩብሕታት መንግስቲ ዝርከብ ናይ ወርቂ ዓቕን ብምውድዳር፡ ንሓደ ግራም ወርቂ ብሓደ ዝተወሰነ ዓቐን ገንዘብ ተማኒኑ ዝተሰርሐ ከኣ ነበረ። ኣብ ኣመሪካ ብተመሳሳሊ ገንዘብ ናይ ምሕታም ስልጣን ንባይቶ ዝተዋህበ ኮይኑ፡ ዶላር ምስ ኣብ ኩብሊ መንግስቲ ዘሎ ዓቐን ወርቂ ብምውድዳር ዝተተመነ ኮይኑ ቀረበ። ሰባት ብባህሪኦም ርጉእነትን ግምታውነትን (predict) ስለ ዝደልዩ ከኣ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ማእከላይ ባንክ ኣመሪካ ብምምስራት ንምዝርጋሕን ምድራትን ቀረብ ባጤራ ዶላር ዝቆጻጸር ኣካል ገበረ።

እንተኾነ ኣብ ዓመት 1929 እቲ ዓቢ ቁጠባዊ ድኽነት (great depression) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ ዝኸፍኣ ቁጠባዊ ቅልውላው ኣጋጠመ። እዚ ታሪኻዊ ፍጻመ ኣብ ባጤራዊ ፖሊሲ ኣመሪካ ዓቢ ጽልዋ ገበረ። መንግስቲ ኣመሪካ ንቁጠባ ዘይሃሰ ዝበሎ ባጤራ ሓተመ። ቁጠባ ዝያዳ ንምርግጋእ ካብ ዝብል፡ ካብቲ ዝሓተሞ ንላዕሊ መጠን ክሓትምኳ እንተሓሰበ፡ ብኣንጻሩ ንቑጠባ ዝሃሰ ክኸውን ስለዝኾነ ክገብሮ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ኩብሕታት መንግስቲ ዝበረ መጠን ወርቂ ውሱን ቁጽሪ ጥራይ ስለዝበሮ። ስለዚ ድማ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝበረ ሩዝቨልት ሓደ ኣካታዊ ዝኾነ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ንሱ ከኣ "ኩሉ ዜጋ ኣመሪካ ዘለዎ መጠን ወርቂ ብውሱን ዝኾነ ዋጋ ብጥንዴታ ናብ መንግስቲ ኣመሪካ ክሸጦ፣ እዚ እንተዘይገይሩ ክእሰር" ዝብል ትእዛዝ ነበረ። ብዘይካ'ዚ ፈደራላዊ መንግስቲ ኣመሪካ ንናይ ሸዑ ዓበይቲ ቁጠባዊ ሓይልታት ዓለምና ዝበሩ ሃገራት፡ ብባጤራ ዶላር ዝጥዝእ መጠን ወርቂ ክህባኣ ሓተተን። ኣብዚ እዋን'ዚን በዚ ኣገባብ እዚን ድማ እዩ ዶላር ብብዝሒ ካብ ውሽጢ ኣመሪካ ናብ ዓለም ዘስፋሕፍሐ። እዚ ማለት፡ ናይ ዓለም ወርቂ ናብ ኣመሪካ ክውሕዝ፡ ዶላር ድማ ብኣንጻሩ ካብ ኣመሪካ ክወጽእ ዝጀመረ። ብተወሳኺ ካልኣይ ውግእ ዓለም'ውን ንቁጠባ ናይተን ኣብቲ እዋን እቲ ሓያላት ዝበራ ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ኣዕንዩ፡ ብኣንጻሩ ግና ንቁጠባ ኣመሪካ ከነልብዖን ናይ ኣጸዋሪት ፋብሪካን ኢንዱስትሪን ኣመሪካ ድማ ኣብ ዓለም ዝሓየለ ክኸውንን ኣኽኢሉ። ፋብሪካ ኣጸዋሪት ኣመሪካ ኣብ ዓለም ዝሓየላ ምኻኑን ብጎይኡ ንዶላር ከም ተኣማንን ርጉእን ዓለምለኻዊ ባጤራ ክርአ ኣኽኢሉዎ።

በዚ ምኽንያት ካልኦት ሃገራት፡ ንባጤራኣን ምስ ዶላር ኣተሓሒዘንኦ። ዶላር ድማ ምስ ወርቂ ተተሓሒዙ፡ ኣመሪካ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ናይ ዓለምና ክዙን ወርቂ ብሒታ ብምውናን ግዙፍ ቁጠባ ክትሃንጽ ኣኽኢላ። ድሕሪ ግዜ ኣብ ኩብሕታት ዓለም ዝበረ ወርቂ ክጎድል፡ ኩብሕታት ኣመሪካ ብወርቂ ክመልእ፡ ብኣንጻሩ ድማ ዓለም ዝበራ ብዝሒ ዶላር ኣመና ክዘቕብቡ ተራእዩ። እዚ ዘይተዋሕጠለን ሃገራት ኤውሮጳ (ኣብ 70ታት) ንኣመሪካ ዝሸጣኣ ወርቂ፡ ቡቲ ኣብ ኣደን ዝበረ ዶላር ክቕይርኦ ሓተታ። እንተኾነ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝበረ ሪቻርድ ኒክሶን ንኪዳን ዶላርን ወርቂን ብምፍራስ፡ ኩብሪ ባጤራ ዶላር ብወርቂ ምትምያን ተሪፉ ብናይ መንግስቲ ኣመሪካ ብቕዓትን ተኣማንነትን ክልካዕ ወሰነ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኣዘዩ ዝገርም ሃገር እንተሃልዩ፡ ኣመሪካ ዋጋ ባጤራኣ ብሓንቲ ቃል ክልካዕ ምውሳና እዩ። እታ ቃል ድማ "እምነት" (Trust) እትብል እያ።

ኣብዚ ንኩልና ክንጸር ዝግበኦ ሕቶ ኣሎ። "ሃብቲ ሃገር ዝበሃል እንታይ እዩ?" ሃብቲ ሃገር ከምቲ ብዙሕ ሰብ ዝግምቶ ዝተኸዘነ ክቡር ማዕድናት ወይ ከኣ ብዝሒ ሰብ ዘይኮነ፡ ሓንቲ ሃገር ብደረጃ ዓለም እትእወዶ ወይ ንኣ እትእውዶ መጠን ዕዳ ማለት እዩ። ዕዳ ናይ ዝኾነት ሃገር እንተድኣ ንኣሰ ኮይኑ፡ ሃብታም ሃገር ትበሃል። ብዕዳ ዝተጎብአት (ዝተዋሕጠት) ሃገር ከኣ ድኻ ሃገር ትበሃል። ንእግረ መንገድና ክንፈልጦ ዝግባእ ሓቂ ወስ ክንብል። "ሃገር እትእወዶ ዕዳ ክኸፈል እዩ" ኢሉ ዝሓስብ እንተሎ፡ ኣብ ናይ ቀትሪ ሕልሚ ዘሎ'ዩ። ምኽንያቱ ብተግባር ከም እተራእየ እተን ናይ ብሓቂ ዕዳኣን ዝመልሳ ሃገራት ካብ 3% ዘይሓልፋ ኣይኮናን። እቲ ዕዳ ጅሆ መትሓዚ'ዩ ዝኸውን። ዳርጋ ዕዳ ሃገራት ኣይምለስን እዩ ክትብል ትደፍር። ንኣብነት፡ እታ ናይ ዓለም ዝሓየለ ቀጠባ ትውንን'ያ እትበሃል ኣመሪካ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ከም ትልቃሕ ንፈልጥ'ዶ? ኣመሪካ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናይ ዝተለቃሓቶ እሞ ዘይመለሰቶ ገንዘብ ውህሉል ወለድ ኣብ 2013 ከባቢ ሓደ ትሪልዮን ዶላር በጺሑ ነይሩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን'ከ ክንደይ ኣሎ? ከምቲ ኣቐዲመ ዝተገልጸ ልቓሕ ትውሰኽ እምበር ትኸፍል ሃገር ስለዘየላ፡ እዚ ወለድ'ዚ ሕጂ ድሕሪ 13 ዓመታት ኣብ ለካቲት 2026 ናብ 38 ትሪልዮን ዶላር በጺሑ ይርከብ።

### ቀንዲ ጠንቂ ልቓሕ ሃገራት ግን እንታይ እዩ?

መንግስቲ ካብቲ ብዖብሪ ይኹን ዝተፈላለየ ኣገባብ ዝኣከቦ ገንዘብ ንላዕሊ ከጥፍእ ምስ ዝግደድ ወይ ምስ ዘጥፍእ፡ ዚ ንምፍዋስ ክብል ይልቃሕ ወይ ከኣ ብዙሕ ገንዘብ የሕትም። ከምቲ ኣብ መእተዊ ጽሑፍና ዝገለጽናዮ፡ ቀደም፡ ብዘሎ ናይ ወረቐት ገንዘብ ምስ ዓቐን ወርቂ ሓደ ወይ ዝተመጣጠነ እዩ ነይሩ። 20 ዶላር ናይ ወረቐት ገንዘብ ኣብ ዕዳጋ እንተላ፡ ልክዕ ክንዲ ናይታ ወረቐት ዓቐን ወርቂ ድማ ኣብ መንግስታዊ ቖፎ ነይሩ። ኣብዚ ሕጂን እዋን ግን፡ መንግስታት ዓለም ገንዘብ ክሓትሙ ምስ ዝደልዩ ዝጥቀሙሉ ብልሓት፡ መንግስታዊ ቦንድ (governmental bonds) ወይ ከኣ ናይ ሃገራዊ ግምጃ ቅብሊት (national treasury bills) ኣዳልዮም፡ ኣብ ዕዳጋ ሸይጦም ንመንግስቲ ኣታዊ ብምኽዕባት ገንዘብ ክሓትሙሉ ዝኽእሉ ምወላ ምርኩብ እዩ።

ፈደራላዊ ባንክ ኣመሪካ ብኣሕጽሮት ቃል "ፈድ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ማእከላይ ባንክ ኣመሪካ ኮይኑ፡ ባንክ (ኣዋህላሊ) ክንሱ ኣብ ቆፍኡ ዝኾነ ጥረ ገንዘብ ይኹን ባጤራ የብሉን። ሓንቲ ንጽል ጥረ ገንዘብ ከማን ኣይትረኽቡን ኢኹም። ውልቃውያን ባንክታት፡ መንግስታዊ ቦንድ ካብ ክፍሊ ግምጃ ክገዝኣ እንከለዋ ግን፡ ፈድ "የቐንጸለይ እኹል ዝሓተትክንኦ መጠን ገንዘብ፣ ቅሩብ መሃየዲ ዝኾነክን ከኣ ተወሳኺ ገንዘብ እኹል ወሲዳ" ይብለን። ተኣምራታዊ ዝኾነ ወሰኽ ሕሳብ ከኣ ኣብ መዘኑብ ናይዘን ባንክታት ይረኣ። እንተኾነ ዝኾነ ዝጭብጥ ጥረ ገንዘብ ካብ መንግስቲ ናብዘን ባንክታት ኣይመጸእን እዩ። ኩሉ ኣብቲ ዝበረ ሕሳብ ናይተን ባንክታት ናይ ቁጽሪ ምቕይያራት ጥራይ እዩ ዝገበር። 100 ሚልዮን ዝበረ ቦንድ ምስ ገዝኣ 200 ሚልዮን ይኾውን። እንተኾነ ዝጭብጥ 100 ሚልዮን ጥረ-ገንዘብ ካብ መንግስቲ ናብዘን ባንክታት ኣይከይድን እዩ። እዚ ኣገባብ ካብ ህዝቢ ዓለም ተሸዊሉ ንከባቢ 100 ዓመታት ከም ምስጢር ተታሒዙ ጸኒሑ።

እቲ ጸገም ግን እዚ ዘይኮነ ፈደራላዊ ባንክ ኣመሪካ ወይ ማእከላይ ባንክ ኣመሪካ፣ ብመንግስቲ ዘውሃን ዘይኮነስ ንባዕሉ ብውልቃውያን ባንክታት እዩ ዝውሃን። ልክዕ ከም ብርጎዊ ማሕበር ነፍሲ ወከፍ ባንክ ከምቲ ኣብ ምምስራት ናይቲ ባንክ ዝመጠኖ ብዝሒ ገንዘብ ብርኪ ይውንናን መኽሰብ ይግሕጣን ማለት እዩ። ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ዊኪሊክስ፣ ናይተን ባንክታት መጠን ኣታዊ፣ ኣብ ሓደ ዓመት ብገምጋም ክሳብ 80 ቢልዮን ዶላር ኣቢሉ ይበጽሕ። እዘን ባንክታት እዚኣን እምበኣር እየን ንባዕለን ካብ ግምጃ መንግስቲ ኣመሪካ ቦንድ ዝገዝኣን ን'ፈድ' ገንዘብ ዝሓታ። "ኣየኖት ባንክታት እየን እዚኣን" ኢልካ ምስ እትሓትት፡ ንባዕሉ እዚ'ውን ምስጢር እዩ። ብሓጺሩ እዚ ኩሉ ዝገለጽናዮ ኣገባብ ኣሰራርሓ፣ ኣብ ሳዕለዋይ ክፋሉ ፍጹም ዝኾነ ተሓታትነት ዘይብሉ፣ ካብ ቁጽጽር ሓራ ዝኾነ መሰረት ባንክ ዓለምለኻዊ ባጤራ ዶላር እዩ። ካብዚ ሓሊፉ፣ እዘን ገጽለታት ባንክ፣ ሓደ ሰብ ናይ ገዛ ይኹን ናይ መኪና ዕዳ ምስ ዝህልዎ፣ ክንዲ ምንታይ ወለድ ክኸፍል ኣለዎ ዝውስና ንሳተን እየን ።

ኣልበርት ኣንስታይ ዝበሎ ከዘኻኽር፥ "ተደራረቢ ወለድ፡ ሓደ ካብቶም 8 ተኣምራት ዓለም ኮይኑ፡ ንኣምራቱ ዝተረድአ ከኽስቦ እንከሎ ዝይተረድአ ከኣ ዋጋ የኽፍሎ።"

**ይቕጽል . . .**






# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ጸገሪዳ ርእሶም ካሕሳይ፡ ወለድና ርእሶም ካሕሳይ ጉብሩን ሉተዝጊ ንገሰን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

መሴ ሃብተ በራኺ፡ ኣቦና ሃብተ በራኺ ተስፋማርያም ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሉተንገስ ዑቕባማርያም ፋንቱ፡ ወደይ ዳኒኤል እስቲፋኖስ ኣብርሃም ስለዝዋረፈ፡ ወዲ ስወእ ወደይ ኣነ ኣዴኡ ጥራይ ወራሲቱ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብ መንነ ከሳሲ ወራ/ፍ እምባየ ደባስ ኣቶ በየነ እምባየን ተኸሰስቲ ወረ/ፍ እምባየ ደባስ 1.ፍ/ግርማይ እምባየ ደባስን +4 ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 1.1.ኣውዓሎት ግርማይ እምባየ 1.2 ትምኒት ግርማይ እምባየ 1.3 ጴጥሮስ ግርማይ እምባየ 1.4 ዊንታ ግርማይ እምባየ 1.5 ሓበን ግርማይ እምባየ 2.ጽሃይኛ እምባየ ደባስ 3.ኣልጋሽ እምባየ ደባስን 4.ስልጣን እምባየ ደባስን፣ ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኣብ መንነ ከሳሲ ኣቶ ስምኦን ተስፋይ ተኽለኣብን ተኸሳሲት ዳዕሪት ጉብረማስቀልን ዘሎ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ዳዕሪት ጉብረማስቀል ንጹር ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕክን ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ደሃብ ዑቕባሚካኤል ድረር፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ኣብርሃም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም የርጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ለድያ ሃብተማርያም ብጽኣምላኽ ተኸሳሲ ዳዊት ገብረእግዚኣብሄር ፍትዊ ናይ ስብኣይን ሰበይትን ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ ተኸፊቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን27/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ለድያ ዘርኣሃይማኖት ግደይ ምባል ተሪፉ፡ ለድያ ዘርኣሃይማኖት ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሉልያ ዘርኣሃይማኖት ግደይ ምባል ተሪፉ፡ ሉልያ ዘርኣሃይማኖት ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣልጋሽ ሰዩም ሰለሙን፡ ኣቦና ሰዩም ሰለሙን ጉብረ ካሕሱን ኣዴና ሉተኺዳን ሃብተን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ ካብ ኣቦይ ዝወለዱ 6 ኣሕዋተይ 2 መወትቲ 7 ተተካእቲ ደቁ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ዊንታ ኣማኑኤል፡ ተጸዋዒ መድሃኔ በረኸት ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣቶ ሚካኤል ፍስሃ ተስፋይ፡ ጥፉእ ወዲ ሓወይ ርቢል በርሀ ፍስሃ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ጥፉእ ምርግጋጽ ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ ይኻየድ ስለዘሎ፡ ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣቶ ሚካኤል ፍስሃ ተስፋይ፡ ጥፉእቲ ጓል ሓወይ ወ/ሪት ናርዶስ በርሀ ፍስሃ፡ ንዓኺ ዝምልከት ናይ ጥፉእ ምርግጋጽ ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ ይኻየድ ስለዘሎ፡ ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ሪሞን ሚካኤል ኣሰፋው፡ ኣቦይ ሚካኤል ኣሰፋው ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ተስፋይ ተድላ፡ ሓፍትና ሰናይት ተስፋይ ተድላ ስለዝተሰወአት፡ ብኣቦን ኣደን 4 ኣሕዋታ ብኣቦ ዝወለዱ ድማ 3 ኣሕዋታ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ምንያ ገብራይ ተከኤ፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ጉብረሂወት መሓሪ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ብርኽቲ ጠዓመ ዑቕባልደት፡ ወለድና ጠዓመ ዑቕባልደት ኻንጋል፡ ርዜና ጸጋይ ተወልደ ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ታረክ ስቡሓት ተኽሉ፡ ኣቦይ ስቡሓት ተኽለ ብስራት ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ጉብርኤላ ዑቕባሚካኤል ኣሚ፡ ብዓል ቤተይ ወልደሚካኤል ጉብረጊዮርጊስ ዘርኡ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲት ሩት ተወልደ፡ ተኸሳሲ ሚካኤል እስቲፋኖስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ጸገ ወልደጋብር ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ዘወልዲ ተኽለኣብ ኪዳነ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ፍሊሞን ጸጋይ ሓየሎም፡ ዓባየይ ሉተብርሃን ኢሳቅ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን 4 ሓወቦታተይን 2 ኣሞታተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ትኳቦ ጉብረኣምላኽ፡ ኣቡሓጎይ ጉብረኣምላኽ ገ/ክርስቶስ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ 1ኣሞይን ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋይ ሰመረ ዘወልዱ፡ ኣቡሓጎይ ብወገን ናይ ኣደይ ተስፋማርያም ሃይሉ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወ/ሮ ቅሳነት ገ/መስቀል ኪዳን፡ ተኸሳሲ መብራህቱ ፍኖሬ ሃብተጸዮን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሀት ምሳሽ ጉብረስላሴ፡ ተኸሳሲ ጋይም በራኺ ተስፉ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/06 ጎደና 'ሐ' ቁ.ገዛ 3 ዝርከብ፡ ኣብ ነምሸን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 112464 መመዝገቢ ቁጽሪ 133772/133773 ብስመይ ማለት ኣቶ የማነ ምሕረትኣብ ጉብሩ ዝተመዝገበ ገዛይ ብወህቡቶ ስለዝሃብኩዎ፡ ነዚ ገዛ ናብ ስም ተቐባሊቲ ወህቡቶ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም ወይ ይግባይ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ የማነ ምሕረትኣብ ጉብሩ

ኣነ ኣመልካቲት፡ ወሳዲተይ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዱ ከባቢ ማይ ጭሆት ዚፕ ኮድ 1A197 ጎደና 199-1 ቁ/ገዛ 01 ፕሎት 36፡ ፓርሰል E ዝተደኮ፡ ብመለለዪ ንብረት ምም ASD00011713፡ ብስማ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብዝምልከት ውዕል ወህቡቶ ዝገበረትለይ ኮይና፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተራልን ዞባ ማእከል ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ጸሃየ ወልዱ

ወ/ሪት ሹሻን ሓደሽ ተስፋጊዮርጊስ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ምጽራይን ምስላጥን ኣገልግሎት ንግዳዊ ትካለን፡ "ሹሻና ምጽራይን ምስላጥን" (SHUSHANA CLEARING&FORWARDING) ተባሂሉ ክጽውዓለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ፍለጡ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኲሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሜጀር ተኽለማርያም እምባዩ፡ ወላዲተይ ለተሃይማኖት ዓንደብርሃን ተወልደ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ቴድሮስ ተስፋልደት መድሃኔ፡ ኣዴና ኣብረሀት ሃደለ ኣንከረ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኪሮስተብርሃን ርእሶም፡ ኣደይ ሂወት ገረያሰስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ደቂ መዋቲ ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ መንግስትኣብ ሰመረኣብ ተሰፋጽዮን፡ ተጸዋዒ ኣቶ ጆብሪል ኢብራሂም፡ ናይ ምግዚትነት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኹሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣምና ሓሰን እድሪስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሐሴን መሓመድ ዓሊ፡ ናይ ቀለብ ቆልዓ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ሳሚኤል መንግስትኣብ ሃብቱ ምባል ተረፉ፡ ሳሚኤል መንግስትኣብ ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ተስፋኣለም ኪዳነ ካሕሳይ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰገን ዘርኢጋብር ተኽለብርሃን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ናትናኤል ሰመር ምባል ተረፉ፡ ናትናኤል ሰመረ ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃደለ ከሰተ ኣብርሃ ምባል ተረፉ፡ ሃደለ ተኸስተ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እስጢፋኖስ ተኽለማርያም ተኸስተ ምባል ተረፉ፡ እስጢፋኖስ ተስፋማርያም ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይት ሃይለዝጊ ዘምህረት ምባል ተረፉ፡ ሰኒት ሃይለዝጊ ዘምህረት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የሩሳሌም ሰሞኖ ምባል ተረፉ፡ የሩሳሌም ሽመይ ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መብርሂት ብርሃ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተረፉ፡ መብርሂት ብርሃ ገብረያሰስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣማንኤል ተስፋልደት መብራህቱ፡ ኣዴና ትዕበ ሰመረኣብ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምክኤል በረኸት ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ምክኤል በረኸትኣብ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣለም ሃብተጼን ገብራይ፡ ኣደይ ለተብርሃን በላይ እልፉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳምራዊት የማነ ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ሳምራዊት የማነ ኣረፈ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ከሰተ ተስፋማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣልኣሚን ከሊፋ፡ ኣባል ምክልኻል ክ/ሰ 29 ዓዲ ደቀ ዘርኡ፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን3/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ኣቶ ተስፋት ተኽሉ፡ ተኸሳሲ የውሃንስ ረዳ፡ ናይ ገንዘብ 21,000 ሽሕ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ሮዳስ የናስ መድሃኔ ምባል ተረፉ፡ ህያብ የናስ መድሃኔ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገረዳ ተስፋት ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ቅሳነት ተስፋት ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣልጋሽ ጸጋይ ዘወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ኣብደም ገብረመድህን ገብረሳሚኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍናን በረሀ ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ተስፋልደት በረሀ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ዓወት ሕገሽ ገ/ሄር ምባል ተረፉ፡ ዓወት ሓጎስ ገ/ሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መብርሂት ተወልደ ደብረጽዮን ምባል ተረፉ፡ ወለተዮናስ ተወልደ ደብረጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሰመረ መብራህቱ ገብረማስቀል፡ ተጸዋዒ መሓሪ መብራህቱ፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መርሃዊት ኣንገሶም ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ እየሩ ኣንገሶም ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተዮሃንስ ኣስፋሃ ገብረማስቀል፡ ብዓል ቤተይ ሃብቱ ወልዳይ ገብረስላሴ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ሃይለማርያም ተወልደ እምባዩ፡ ተኸሳሲ ፍረወይኒ ተኽለዝጊ ገብሬት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ኣልኣሚን ሳልሕ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ብንያም ሳልሕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ህንጻ ሰገን ኣብ ኣስመራ፡ ደንገለ፡ ሰንዓፈ፡ ከረን፡ ኣቘርደት፡ ዛራ፡ በሻ ፡ ካዕሊይ፡ ባረንቱ፡ ተሰነይ ዝርከብ ካፍተርያታት ናይ ሰራሕተኛታት ዝሽውን ሽሮን በርበረን ኣውዳዲሩ ወርሓዊ ቀረብ ንዘቕርቡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፡

1.ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ምስ ፎቶኮፒ መንነትን ናይ 2024 ግብሪ ዝኸፈልሉ ክሰርሑ።

2.ተጫረትቲ ናይ መጫረቲ ሰነድ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ንግሆ ካብ 8:00-12:00 ድሕሪ ቀትሪ ካብ 2:00-5:00 ክወስዱ ይኽእሉ።

3. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 11 መዓልቲ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ይኽፈት።

4.ናይ ጨረታ ሰነድ ምስ ተመልአ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ፖስታ ተዓሽጉ ይርከብ።

5.ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ 20,000 ናቕፋ ብ C.P.O የትሕዙ።

6.ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተደኣ ረኺቡ፡ ነቲ ጨረታ እቲ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ህንጻ ሰገን
ጎደና ብደሆ
ቁ.ገዛ 50-52

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/ቤ/መሰል ንግዳዊ ባንክ ኤርትራን ብፍ/ቤ/ዕዳ ጸጋ ይማስገንን ብዝተፈጥረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ኣብ ዓዲ ጓዕዳድ ኣብ ሎታ 017 ፓርቸላ 02 ዝርከብ ኣብ 646 ት/ሜትሮ ዝተደኮነ ተራ ገዛ ሓደ ዓቢ መኽዘን ሓንቲ ትካል 3 ቀንዲ ክፍልታት 2 ዓይኒ ምድሪ ዝሓዘ፡ ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፡ እቲ ብውሕስነት ዝተታሕዘ ገዛ ብዘለዎ ኩነታት ብክኢላ ማጠበሲ ዋጋ ናይ ሓራጅ 466,686.79 ናቕፋ (ኣርባዕተ ሚእትን ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ሰማንያን ሽዱሽተን ሰብዓን ትሽዓተን ሳንቲምን) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብ'ቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዓለወ ሳጹን ጨረታ ተውዳዲሩ ክጽሕፍ ዝደሊ. መጠን ገንዘብ ብቁጽርን ብፊደልን ብንጹር ጽሒፉ ብዕሹግ ሰታሪት የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 (ሓደ ርብዒ) ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ገንዘብ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ድማ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ተጠራቃሚ ሕሳብ ሐዘ ባዕሉ ወይ ብመንገዲ ሕጋዊ ወከሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 31/03/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ ክወሰድ ዝደሊ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ዋ/ፈ/ ፍርዲ ቁ/64 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክወከስ ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ፣ መእገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ደው ኣይብልን።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

መሴ ኢሳቅ ሃብተ ምባል ተሪፉ፥ ኣለክሳንደር ኢሳቕ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን16/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ጺጋ ዘወደ ደስታ፡ ብዓል ቤተይ መብራህቱ መንግስ ይግዛው ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቀይ ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ደገፍ ገብረሚካኤል መሻሽ ምባል ተሪፉ፥ ደገፍ ተስፋሚካኤል መሻሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ግርማይ ብርሃ፥ ኣደይ ሂወት ገብረ ተኽሉ ስለዝዐረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ኪዳን ሳልሕ ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፥ ኣሚራ መሓመድዲኒ ሳልሕ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ተኽለሚካኤል የውሃንስ ዓንደሚካኤል፥ ሓፍተይ ምንያ የውሃንስ ዓንደሚካኤል፥ ኣብ ባጽዕ ኣብ 132.06 ት/ሜትሮ ዝተደኰነ ክልተ ክፍሊ ገዛአ ዕለት 30/3/2012 ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ ከጸድቀለይን ናብ ስመይ ክሰግርን ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣድሓኑት ሃብቱ ሓጎስ፥ ብዓል ቤተይ ፍስሃየ ዓንደሃይማኖት ደብረጽዮን ስለዝዐረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተስላሴ ኣልመደም ገብረኣብ 2.ኣቶ ገብረማስቀል ርእሶም ኣብርሃም፥ ተጸዋዕቲ ወረ/ሃ/ር ዑመር ሙሳ ሃሩን 1.ወ/ሮ ሓሊማ ዑመር ሙሳ 2.ኣምና ዑመር ሙሳ 3.ክብራ ዑመር ሙሳ 4.ዓኢሻ ዑመር ሙሳ 5.ዘይናብ ዑመር ሙሳ 6.እስማዒል ዑመር ሙሳ ንትግባረ ውዕል ማሻጣ ኣባይቲ ክሲ ኣቕሪብምልክም ስለ ዘለው፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/3/26 ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ክፍለጥ።

ወ/ሮ ኣለም ደሰሃቕ ወለደና ደሰሃቕ በራኺ ዝዜይን ርግበ ተወልደመድህን ወልደጋብርን ስለዝዐረፉ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓለዕ መሓመድ ሳልሕ ምባል ተሪፉ፥ ኢያ መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልዋም ኣብርሃም ግርማይ ወኪል ወ/ሮ ብርሃፍ ሹመንዲ ገብሩ ተጻዋዒ ኣቶ ኣሚር ዐሶማ፥ ናይ ሞግዚት ክርክር ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ክፍለጥ።

ኣቶ ዞርያስ ምሕረትኣብ መረሳ፥ ኣደይ ምልእተ ተሰፋዝጊ ገብረት ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ድራር እያብ ድራር፥ ኣቦይ ኣቶ እያብ ድራር ኣምሓራይ ብዕለት 10/07/2023 ነቲ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 04፥ ዞን 07 ዘለዎ ቀዋሚ ንብረት ብመወከሲ ቁጽሪ 307333 ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ብመልክዕ ህያብ ዝሃበኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ኢድሪስ መሓመድዓሊ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፥ እድሪስ ኖራይ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን20/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ሓጎሳ ሰሎሙን፥ ወደይ ኣማን ዘናይ ሃይለ ስለዝዐረፈ፥ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለ ዘይብሉ፥ ኣነ ወረሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን16/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ረድዋን መሓረ ኣሰፋው ምባል ተሪፉ፥ ሃኒ መሓረ ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገርገል መ/ድ መስዑድ ምባል ተሪፉ፥ ገርገል መ/ድ ሓምድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛዘብር ናስር ዓብደልዋህብ ምባል ተሪፉ፥ ኣዘብር ናስር ዓብደልዋሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ዓዋጥፍ እድሪስ መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ ፈርሓ እድሪስ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓዋጥፍ ኣሕመድ ገበል ምባል ተሪፉ፥ ዓዋጥፍ ኣሕመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ዞሚካኤል ገብረኣምላኽ ዘርኡ፥ ተኸሳሲት የውሃና ገብረህይወት ገብረማስቀል፥ ናይ ሰበል ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ክፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ህዘባዊት ኤፍሬም ሓጎስ ምባል ተሪፉ፥ ህዘባዊት ሳልሕ ኣበከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን13/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ትርሓስ ብርሃ ማሳፍን፥ ብዓል ቤተይ ዓንደም ጉዓም እማዋ ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ጀምዕ መሓመድሳልሕ ሓገስ ምባል ተሪፉ፥ ጀምዕያ መሓመድሳልሕ ሓገስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ዓብደላ ሓመዱ እድሪስ ምባል ተሪፉ፥ ዓብደላ መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን4/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ሰናይት ተወልደ ሃብተ ዝተመዝገበ፥ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00034531 ዝሾቱ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ዳህላክ ቁ.ገዛ– ዝርከብ ናይ መኪና ኣቑሑ መሸጢ፥ ንወ/ሮ ኣኽበረት ገብረማስቀል ዓንደጸዮን፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 7852-11 ቁ.ገዛ 03 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዘቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዘቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍለጥ።

ሰናይት ተወልደ ሃብተ

---

ብስም ሃና ወልደስላሴ ሃብተሚካኤል፥ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ወኪ.ደባ ብመወከሲ ቁጽሪ 001105 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 003888 ፕሎት ሀ ፓርሰል 14 መንበሪ መዓል ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፥ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07269618 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክሕብረኒ። እንተዘይረኺበ ግን መተካእታኡ ንክምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ሃና ወልደስላሴ ሃብተሚካኤል

---

ወ/ሮ ምሕረት ኣማኑኤል ኢሳቕ፥ ናይቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ከባቢ ፓራዲዞ ዚፕ ኮድ 1 ኣይ 129 ፕሎት 27 ፓርሰል "ዲ" ስፍሓቱ 176.00 ት.ሜ ዘለዎ ብስም ወላዲተይ ነፍ/ሄ ሃነስ ዘርኣጽዮን ዳዊር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM018680 ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝበጽሓኒ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዋንነቱ ስለ ዝጠፍኣኒ፥ ብዕዳ ወይ ብትሕጃ ሒዙዎ ዝብል እንተደኣ ሃልዩ፥ ብቑጽሪ ተሌፎን 07151216 ይርከበኒ፣ እንተዘይተረኽበ መተካእታ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ምሕረት ኣማኑኤል ኢሳቕ

---

ኣቶ ሳምሶን እያሱ ገብረሩፋኤል፥ ዝተፈቕደለይ ናይ ቤት ቁርሲ ንግዳዊ ትካለይ፥ "ካዛ ቢያንኮ ቤት ቁርሲ" (CASA BIANCO SNACK BAR) ተባሂሉ ክስየመለይ ስለ ዝሓተትኩ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዘቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዘቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፍለጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ሩምና ኣሕመድ ሰዒድ፥ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ መጋዝኢ ኣቕሑን ስሩፍ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካለን "ዓቡዲ ኪድስ" (ABUDI KIDS) ተባሂሉ ክስየመለን ስለ ዝሓተታ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዘቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዘቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፍለጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ኣሰገደሽ ባህታ ብሩ፥ ጆኒ ኤሌክትሮኒክስ ድኳን (JOHNNY ELECTRONICS SHOP) ዝነበረ "ኣስሊ ኤለክትሮኒክስ" (ASLI ELECTRONICS ) ተባሂሉ ክስየመለን ስለ ዝሓተታ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዘቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዘቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፍለጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ፧

ሲራክ ክፍለ

መበል 74 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት፡ ሓድሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርክራሲን ዝብል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝቶኡ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዛ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ግምት ዝሁብ ምሕደራ ዓደ ኣቦ ከምዝነበራ ጠቒስና ድማ፡ ከም ኣብኡ ካብ ዝተፈላለየ ሕግታት እንዳባ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ነይርና። ዕምምቶ መንግስቲ ኣብዚ ዘመን'ዚ ከም'ኡ'ውን መትከል፡ ቅዋም፡ ደሞክራሲ፡ ህንጸት ሃገርን ሃገርነትን ዝብሉ ኣምራት እውን ብመጠኑ ተናኺፍና። ብዘወሳኺ ታሪኽ ኣመዓብላ ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ሃገራት ምዕራብን ድኽመታቱን ተመልኪትና። "ካብ ምልኪ ናብ ደሞክራሲ" ዘርእስቱ ሃገራት ካብ ምልኪ ብኣቋራጭ መገዲ ናብ ደሞክራሲ ክሰግራ ከምዝኸእላ ዘስተምህር መጽሓፍ ጁን ሻርፕ እውን ዳህሲስና። መቐጸልታኡ ደስዑ፦

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ንምሕደራ ካብ ፖለቲካዊ ትሕዝቶኡ ነጺልና ክንርእዮ ፈቲንና። ብሓፈሻኡ ከኣ ቅዲ-ምሕደራ፡ ኣሳታፊ-ምሕደራን ቀይዳዊ-ምሕደራን ኢልና ከፊልናዮ። ምሕደራ እንተላይ ህዝባዊ ምሕደራ (ደሞክራሲ) ፖለቲካዊ ወይ ስነሓሳባዊ ክፋሉን ምሕደራዊ ክፋሉን ነጻጺልካ ምርኣይ ኑቶም ጁን ሻርፕ ዝጠቕሶም ታሪኻት ብግቡእ ምርዳእ ሓጋዚ እዩ።

ንኣብነት ናዚ ኣብ ልዕሊ ኣይሁዳዉያን ዝፈጸምዎ ህልቂት ናይ ምሕደራ ጉዳይ ዘይኮነስ ናይ ስነሓሳብን ዓሌትነትን ጉዳይ እዩ። ኣብ ምምሕደራዊ ክፋሉ ስርዓት ናዚ ምልካውን ኣሳታፍን ባህርያት ነይሩዎ። ስርዓት ናዚ ብትኹል ቀይዳዊ ባህሪ ነይሩዎ፡ ንጋድም ግን ኣሳታፍን ደራኽን ዝነበረ ይመስል። ከምዚ ዓይነት ኣድማዒ ቅርጺ-ምሕደራ ድማ እዩ ኑቲ ዘሰዓብ ህልቂትን ዕንወትን ንኽፍጸም ሓይልን ብርትዐን ሂቡዎ። ይኹን'ምበር ናይቲ ህልቂት ጠንቂ ቅዲ-ምሕደራ ዘይኮነስ እቲ ፋሽሽታዊ ባህርያት ናዚ እዩ።

ጁን ሻርፕ "ኣብ እተፈላለያ ሃገራት ዝነበረ ሸበራዊ ኣገዛዝኣ ዴስነት" ዝብሎ ስነሓሳባዊ ሕርያ እዩ። ከመይሲ ሸበራዊ ኣገዛዝኣ ናይ ዴሳውያን ሃገራት ጥራይ ጸገም ኣይኮነን። ምዕራባውያን ርእሰማላውያን ሃገራት ኣብ ሃገረን ጥራይ ዘይኮነስ ንኣፍሪቃን ካልእን ብምውራር ዝኸፍኣ ናይ ሸበራዊ ኣገዛዝኣ ታሪኽ ዘለወን እየን። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ መበቆላውያን ኣመሪካውያን፡ ጸለምቲ ኣመሪካውያን፡ ላቲኖን ካልኦትን ዘለዋ ታሪኽ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ጁን ሻርፕ እቲ መጽሓፍ ኣብ ዝጸሓፈሉ ዝነበረ እዋናት ኣብቲ ዝቕመጠሉ ከተማ ቦስቶን ዝነበረን ዘሎን ኣተሓሕዛ ጸለምቲ ካብቲ ኣብ መጽሓፉ ከም ኣብነት ዝጠቐሶ ግፍዒታት ዝንእስ ኣይነበረን። ኣብነታት ክነቕርብ፦

ጸለምቲን ላቲኖን ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ኣብ ቦስቶን ክወሃቦም ናይ ዘይምፍልላይ ፖሊሲ ብ1965 ወጺኡ (Desegrigation Policy – The Racial Imbalance Act of 1965: Levy, Frank 1971 Northern Schools and Civil Rights ገጽ 138) ይኹን'ምበር ንምትግባሩ ብዙሕ ጸገማት ሓሊፉ፡ ክሳብ ሕጂ'ውን ምሉእ ብምሉእ ኣይተተግበረን ክበሃል ይከኣል። ከምዝፍለጥ፡ ኣብ 1965 ኣብ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ማሳቹሰተስ 55 ኣብያተ ትምህርቲ ጻዕዳን ጸሊምን ዝፈልያ ኮይነን ካብዚኣን 44 ኣብ ቦስተን እየን ነይረን። ድሕሪ'ቲ ናይ ዘይምፍልላይ ሕጊ ንዓሰርተታት ዓመታት ጸዓዱ ተቓማጦን ምምሕዳር ትምህርትን ኑቲ ሕጊ ንኸይትግበር ዘከኣሎም ኩሉ ገይሮም። በብቑሩብ ብመጠኑ ኣብ ቦስቶን ለውጢ ተራእዩ። ኣብ 2014 ኣብ ቦስቶን መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ 40% ላቲኖ፡ 35% ጸለምቲ፡ 13% ጸዓዱ፡ 9% ከኣ እሲያውያን ነይሮም። ኣብቲ ዓመት እቲ ኣብ ቦስቶን ኣብ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ዝከበሩ 38% ጸለምቲ፡ 34% ላቲኖ፡ 19% ጸዓዱ፡ 7% ከኣ እሲያውያን እዮም ነይሮም።

ብመንጽር ናይ ትምህርቲ ደረጃ፡ እቶም ኣብ ቦስቶን ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝረኸቡ ላቲኖ፡ ጸለምቲ፡ እሲያውያን ክውሰኹ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ ጸዓዱ 6% ነኪዮም። ብላዕሊ ላዕሊ ክትርእዮ ደሞክራሲን ሕጊን ዘይምፍልላይ ውጽኢት ዝሁብ ይመስል። እቲ ሓቂ ግን ንሱ ኣይኮነን። ጸዓዱ ስድራቤታት ኣብ ከተማ ቦስቶን ምንባር ገዲፎም ናብ ከባቢ እቲ ከተማ (Metropolitan Boston) ስለ ዝገዓዙ እዩ።

ኣብ 2014 ኣብ ከባቢ ቦስቶን (ካብ ማእከል ከተማ ወጻኢ) ኣብ ዝርከብ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ 64% ጸዓዱ፡ 17% ላቲኖ፡ 9% ጸለምቲ፡ 7% እሲያውያን ተማሃሮ ነይሮም። እቲ ሕጊ ዕድል ትምህርቲ ኣይኮነን ኣመዓራርዩ። ጸዓዱ ግዛ ከም ዘቕይሩ ጥራይ እዩ ገይሩ። ምስ ምግዓዝ ጸዓዱ ከኣ መንግስታዊ ኣገልግሎት ጸጥታ፡ ትምህርቲ ወዘተ. ኣብ ቦስቶን ብምንኻዩ እታ ከተማ ሓንቲ ካብተን ዝለዓለ ገበናት ዘለዋ ከተማ ናይ ኣመሪካ ኮይና። ሃብታማት ጸዓዱ ኣመሪካውያን ከምዚ ዓይነት ፍልያ (segregation) ኣብ ናጻ ድልየት ዝምርኩስ ደሞክራሲያዊ እዩ ክብሉ ይኽእሉ ይኾኑ፤ ንላቲኖ፡ ጸለምቲን እሲያውያንን ግን ዓሌታዊ ሕርያን ካብቲ ጁን ሻርፕ "ሸበራዊ ኣገዛዝኣ ዴስነት" ዝብሎ'ን ዝፍለ ኣይኮነን።


ዒራቕ

### ኣብ ወጻኢ'ኸ?

#### ቬትናም

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ 1965 ኣብ ውግእ ቬትናም ድሕሪ ምእታዋ ክሳብ ጠርኒፋ ኣብ 1974 ትወጽእ ዝጠፍአ ህይወት ሕብእብእ ስለ ዝበዝሖ ብልክዕ ኣይፍለጥን እዩ። ይኹን'ምበር ኣስታት 1.5 ክሳብ 3.5 ሚልዮን ከም ዝበጽሕ ይንገር። እዚ ከኣ ስንኩላንን ስነ ኣእምሮኣዊ ክሳራን ኣብ ግምት ከየእተኻ እዩ። ሓደ ካብቲ ዝተሓተ ዝበሃል ገምጋም ናይ ጉንተር ለቪይ ኮይኑ ኣብቲ ውግእ ኣስታት 627,000 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝተቐትሉ ሰኒዱዎ ኣሎ።

#### ዒራቕ

ብ2 ነሓሰ 1990 ሳዳም ሑሴን ኩወይት ምስ ወረረ፡ ሕቡራት መንግስታት ዝባረኾን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እትመርሖን ቀዳማይ ውግእ ዒራቕ ብ17 ጥሪ 1991 ጀሚሩ። ኣብ ውሽጢ 40 መዓልታት እቲ ውግእ ተዛዚሙ። እዚ ውግእ'ዚ ብቐንዱ ብናይ ማዕዶን ሰማይን ደብዳብ ኮይኑ፡ ሰብኣዊ ክሳራ ብወገን ዒራቕ ካብ 8,000 – 10,000 ይበጽሕ ነይሩ። ብወገን ኣመሪካን ተሓባበርታን ከኣ ኣስታት 300 ወተሃደራት ሞይቶም። ካልኣይ ውግእ ዒራቕ ብ19 ነሓሰ 2003 ጀሚሩ፡ ከምቲ ቀዳማይ እቲ ቀንዲ ውግእ ኣብ ሓጺር ግዜ ተዛዚሙ ኩብቅዕ ድሕሪ እቲ ውግእ ግዝኣት ሕጊ ጠፊኡ ልዕሊ 200,000 ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም። ኣብቲ ውግእ ንዝተቐትሉ ሰላማውያን ሰባት ብዝምልከት ከምቲ ኣመሪካዊ ጀነራል ቶሚ ፍራንክስ "ንሕና ኣጀንዳና ኣሎና 'ዝሞቱ ዒራቓውያን ኣዲኣም ትቝጽሮም' "We don't do body counts – General Tommy Franks" ዝብሎ እዩ ነይሩ።

#### ሊብያ

ሊብያ ኣብ ደቡባዊ ክፍሊ ማእከላይ ባሕሪ እትርከብ ምስ 6 ሃገራት ኣፍሪቃ እትዋሰን ሃገር እያ። በዚ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኣ'ዚ ድማ ኣብቲ ቀዳማይ ማዕበል መግዛእቲ ኣፍሪቃ ልክዕ ከም ኤርትራ ኣብ መፋርቕ 16 ክፍለ ዘመን ግዝኣት ኦቶማን ቱርኪ ኮይና። ኣብቲ ካልኣይ ማዕበል መግዛእቲ'ውን ብተመሳሳሊ ልክዕ ከም ኤርትራ ብኢጣልያ ተገዚኣ። ኦቶማናውያን ከምቲ ናይ ኤርትራ፡ ጻዕቂ ግዝኣቶም ኣብ ሊብያ ኣብ ቀረባ ርሕቀት ናይ ገማግም ባሕሪ ዝተሓጸረ እዩ ነይሩ። ሊብያ በዚ ንፈልጦ መልክዕ ዶባታ ዘቖመታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ 1911 ኮይኑ፡ ንመላእ ሊብያ ንምቁጽጻር ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ድማ ኤርትራውያን ዓሳክር ዓቢ እጃም ነይሩዎም።


ቬትናም

ምናልባት ሓደ ካብቲ ቀንዲ ፍልልይ ኣብ መንጎ ኤርትራውያንን ሊብያውያንን ኣብ መግዛእቲ ጣልያን ዘርኣዩዎ ተቓውሞ እዩ። ኤርትራውያን ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን ቡቶም ብደቡብ እናመጹ እናሻዕ ዝወሩዎም ዝነበሩ መሳፍንቲ ትግራይን ብሰሜን ዝመጹ ግብጻዉያንን ድርቡሽን መሪር ስቅያት ይወርዶም ስለዝነበረ፡ ምስኡ ከኣ ብድርቂ ተጠቒዖም ስለ ዝነበሩ ኣንጻር መግዛእቲ ኢጣልያ ዘርኣዩዎ ንጡፍ ብረታዊ ቃልሲ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ሊብያውያን ብፍላይ ከኣ ብመሪሕነት ዖማር ሙኽታር ሓያል ተቓውሞ ኣለዓዒሎም ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ ኢጣልያ ከቢድ ክሳራ ኣውሪዶም እዮም። ይኹን'ምበር ድሕሪ ምምራኽን ሞትን ዖማር ሙኽታር ኣብ 1931 እቲ ተቓውሞን ብረታዊ ቃልሲን ደስኪሉ።

ኣብ ሰነ 1940 ኢጣልያ ምስ ጀርመን ብምጽጋዕ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ድሕሪ ምእታዋ ኣብ ሊብያ ኣብ መንጎ ተሓባበርቲ-ኪዳንን (ብቐንዱ ብሪጣንያን ኣመሪካን) ሸርክነት-ኪዳንን (ብቐንዱ ጀርመንን ኢጣልያን) ከበድቲ ውግኣት ተኻይዱ። ብሪጣንያን ተሓባበርታን ተዓዊተን፡ ካብ 1943–1951 ሊብያ ኣብ ትሕቲ ተሓባበርቲ-ኪዳን ብምምሕዳርነት ብሪጣንያ ተመሓዳዲራ። ኣቐዲምና ከም ዝጠቐስናዮ ብሪጣንያንን ተሓባበርታን ንጣልያን ብደቡብ ኣብ ሶማልን ኢትዮጲያን፡ ብሰሜን ከኣ ኣብ ኤርትራ ምስ ሰዓሩ ኤርትራ ካብ 1941 - 1952 ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር (መግዛእቲ) ብሪጣንያ ኣትያ።

ብ24 ታሕሳስ 1951 ሊብያ ኣብ ትሕቲ ንግስነት ኢድሪስ ናጻ ሃገር ኮይና። መርኣያ ብሪጣናውያን ምስ ንጉሳዊ ስርዓት ዘለዎም ፍቕሪ እዩ ዝመስል። ኣብ 1959 ኣብ ሊብያ ነዳዲ ተረኺቡ፡ ቁጠባ ሊብያ ዓቢ ዕብየት ከርኢ ጀሚሩ፡ ይኹን'ምበር ዝበዝሐ ኣታዊ ሽያጥ ነዳዲ ሊብያ ኣብ ረብሓ ምዕራባውያን ትካላትን ኣብ ጁባ ንጉስ ኢድሪስን መቕረቡን ብምእታዉ፡ ህዝቢ ዒሚምታ ክስምዕ ጀሚሩ። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1969 ድማ ሙዓመር ጋዳፊ ዝመርሖ ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ተኻዪዱ።

ጋዳፊ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ብጥቕምቲ 1970 ብኢጣልያውያን ዝወነን ዓበይቲ ትካላት ሃጊሩ። ልዕሊ 12,000 ኢጣልያውያን ኣባሪሩ። እዚ ምስቲ ኣብ 1928 - 1932 ኢጣልያ "ምህዳእ ሊብያ" (pacification of Libya) ኢላ ዝሰመየቶ ኣብ ሲይረናሽያ (Cyrenaica) ከተማ በንጋዚ ዝርከቦ ምብራቓዊ ክፋል ናይ ሎሚ ሊብያ፡ ካብ 225,000 ነበርቲ ኣስታት 75,000 ዜጋታት ዝተቐትልሉ ኣዛሚድካ ክረአ እንከሎ ዝገርም ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ውሳነ መዓመር ጋዳፊ ቀላሕታ ምዕራባውያን ኩባንያታትን መንግስታትን ስሒቡ።

ቅድሚ ጋዳፊ ኣብ ስልጣን ምምጽኡ ኣብ ሊብያ ከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ደቀንስትዮ ኣዝዮን ዝተጨቆና እየን ነይረን። ጋዳፊ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ መሰል ደቀንስትዮ ከም ቀዳማይ ኣጀንዳ ሰሪሁ ብዙሕ ምምሕያሻት ገይሩ። ትምህርቲ፡ ሓለዋ ጥዕናን ካልእ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ብምትእትታው መኅበሮ ሊብያውያን ኣዝዩ ከም ዝመሓየሽ ገይሩ። ካብ 1977 ኣትሒዛ ሊብያ ኣብ መኅበሮ፡ ተሳታፍነት ትምህርቲ፡ ኣታዊታት ህዝቢ ወዘተ. ምስ ናይ ሃገራት ምዕራብ ዝዳረግ ኣብ ኣፍሪቃ ከኣ ዝለዓለ ሰብኣዊ ምዕባለ ደረጃ (Human Development Index) ነይሩዋ።

ጋዳፊ መኅበሮ ህዝቡ ብምምሕያሽ ኣብ ሃገሩ ብዙሕ ምዕባለ ከም ዘምጽአ ኣየጠራጥርን። ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽአ ጀሚሩ ግን ምስ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ተፋጠጥ እዩ ነይሩ። ኣብ 1986 ሸበራውያን ደጊፍካ ብዝብል ምስምስ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብኸፈርቲ ክትቀትሎ ፈቲና። ጋዳፊ ድሒኑ ሕጻን ጓሉ 'ሃና ጋዳፊ' ግን ተቐቲላ። ፈተነ ቅትለት ጋዳፊ ከይተዓወተ ምስ ተረፈ ከኣ፡ ሊብያ ኣብ ጭውያ ነፋሪትን ዘሕዝን ሞት 270 ገያሾን ኢድ ነይሩኪ ተባሂላ፡ ኣብ ልዕሊኣ ሕቡራት መንግስታት እገዳ ገይራ።

ይቕጽል . . .

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# “ኣብ ሕብረተ-ሰብን ተመሃሮን እንነድቕ እምነት'ዩ ዓስብና!” መምህራን ኣንገሶም ናይዝጊን ዳናይት ቢንያምን

ስእሊ-፡ ኣቤል በረኸት

*መምህራን ኣንገሶም ናይዝጊን ዳናይት ቢንያምን ኣብ ማይምን ተመዲቦም ዘገልግሉ ዘለዉ እዮም። ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብዘርኣይዎ ኣገባብ “ኣብነታውያን ዝብልዎም ተማሃሮኦም ከተፍልና ዝኽእሉ መምህራን ደሊና” ንሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ማይምን መምህር ባህታ ወልዱ ሕቶ ኣቕሪብናሉ። መምህር ባህታ፡ “ኣብዚ ቦታ ዘለዉ መምህራን ኩሎም ብኣበርክቶ ዝገለጹ ንፉዓት'ዮም። እዞም እቶም ኣልካ ሓደ ካብቲ ካልእ ክትፈላልዮም ዝከኣል ኣይኮነን። ግድን ቀርብልና እንተ ደኣ ኢልኩም ግን ሓደ ካብቲ ካልእ ምውድዳር ብደረጃ ብቕዓት ዘይተኣ ኣበርክቶ ዝኾንኩም...” ብምባል ንመምህራን ኣንገሶምን ዳናይትን ቀሪቡልና። ካብዚ ብምብጋስ ምስኦም ዘካየድናዮ ዕላል ደስዑ።*

መምህር ኣንገሶም፡ ኣብ ሓንቲ ንሓወሲ ከተማ ማይምን ካብ ዘዋስና ዓዲታት ናይቲ ንኡስ ዞባ'ዩ ተወሊዱን ዓቢዩን። ኣብ ማይምን ድማ ተማሂሩ። ምስ መበል 29 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ወሪዱ። ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ናይ ዲግሪ ነጥቢ ብምምጻኡ፡ ናብ ኮለጅ ማይንፍሒ ተጸንቢሩ። 4 ዓመት ንናይ ኮለጅ ትምህርቲ በዲሁ፡ ኣብ 2021 ብዮውዲ ፊዚክስ ተመሪቑ። ድሕሪዚ፡ መምህር ኣቡታ ዝተማህረላ ቤት ትምህርቲ ማይምን ተመዲቡ ድማ፡ ብዝተማህረሉ ዓውዲ ንመንእሰያት ፍልጠት ኣብ ምቕሳም ደርኪቡ።

ናይ 5 ዓመት ተመኩሮ ምምህርና ኣጥርያ ትሰርሕ ዘላ ዳናይት ቢንያም፡ ኣብ መጁኤታ ቤት ትምህርቲ ማይምን'ያ ትምህር ዘላ። መምህር ዳናይት ኣብ 32 ዙርያ እያ። ኣብ ኣስመራ ተወሊዳ ካብ 1ይ ክፍሊ ክሳብ 11 ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰምባል ዝተማህረት መምህር ዳናይት፡ ንሳ'ውን ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ናይ ዲግሪ ነጥቢ ሒዛ ካብ ሳዋ ብምምጻእ'ያ ናብ ኮለጅ ማይንፍሒ ዝተጸንበረት። ኣብ ኮለጅ ግን ናብ ዝቕጽል ደረጃ ዘቕጽላ ነጥቢ ከተመዝግብ ኣይክኣለትን። ድሕሪዚ፡ ናብ ማእከል ስልጠና ፖሊስን ሓይሊታት ጸጥታን ደቀምሓረ ተመዲባ ሓደ ዓመት ኣገልጊላ። ብድሕሪዚ፡ ካብ ኮለጅ ዘቋረጹ ምስኣብ ኮይኑ ኣብ ኮለጅ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዝ ናይ ክልተ ሰሙን ስልጠና ድሕሪ ምቕሳም፡ ናብ ንኡስ ዞባ ማይምን - ኣዶጎልቦ ናብ ዝበሃል ዓዲ፡ መምህር ተመዲባ ሓደ ዓመት ምሂራ። እቲ ቦታ ካብ ማይምን ፍንትት ዝበለ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መጀመርታ ኑሮን ናብታ ዓዲ ዝተመደበ መምህራን ደቃንስትዮ ከቢድን በዓሀን ምንባሩ ዝገለጸት መምህር ዳናይት፡ ድሕሪዚ ናብ ማይምን ተቐይራ ስራሕ ምምህርናኣ ኣብ ምቕጻል ትርከብ።

ካብ ከባቢኡ ርሒቑ ዝዩፈልጥ ሰብ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ተመዲቡ ክሰርሕን ምስቲ ዝጸንበሮ ሕብረተሰብ ተሳኒዱ ተወሃሂዱን ክሰይደን ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣይግበሮ እምበር ኣእምሮኡ እንተ ዘይተቐበልዎ፡ ኣድማዒ ስራሕ ክሰርሕ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ ድማ ኣብ መጀመርታ ዝኸበደ ነገር ምንባሩ መምህር ዳናይት ገሊጻ፡ ምስ ግዜ ንኹሉ እናለመደቶ ምስ ከደት ግን ኣብዚ ሕጂ እዋን ዛንታ ኮይኑ ከም ዝሰምዓ'ያ ኣውጊዓትና።

ትምህርቲ ዘይብርስ ሃብቲ ዘሰንቕ ዓውዲ'ዩ። ስራሕ መምህር ከኣ ስራሕ ናይ ሕልና ኮይኑ ሓላፍነታዊ ሰብ ኴንካ ክትህብሮ ዝኹበር ሞያ'ዩ። ስለ ዝኾነ መምህር ኴንካ ኩሉ ኣብ ህይወት እትንብሮ ብሕልና ኢኻ ትኸዶን ትሰርሖን። ምኽንያቱ መምህር ንለውጢ ዝቕይስ ኣካል ሕብረተሰብ ስለ ዝኾነ። መምህር መምህር ዝብል ቆመና ክህልዎ ግን ብዝፈልጦን ዝመልክዖን ሚላን ቋንቋን ተጠቒሙ ንተመሃሮኡ ክልውጥ ኣብ ባይታ ዝተዓጸጸፍ'ዩ።

ብኣንጻር ናይ'ዚ፡ ወለዲ፡ መሰረት መጁኤታ ህይወት ናይ ውሉዶም'ዮም። ንደቆም ብትምህርቲ ምሉኣት ሰባት ኣብ ምግባር ልዑል ሓይልን ብቕዓትን ኣለዎም። ኣብ ሱምግባር ኮነ ኣብ ሕብረተሰቦም ክህልዎም ዝግብኦ ኩሉ መዳያዊ ክእለት፡ ብቕዓት፡ ስነምግባር...ሰሪቖም ከም ዝሳብዑ ዝኩብሩ፡ ተማሃሮ ንጥሪታት ትምህርቶም ብዝግብኦ ኣብ ምክትታል ዝሽበበበ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ብኹሉንትናኡ ምሉእ ሰብ ንምግባር፡ ኣካይዳኡ ምስ ሰብት ዝህልዎ ዝምድና ጥብቂ ምክትታልን ምቕጽጻርን እናገበሩ ዘዕብዩ ዝምልምሉን ዝኸስክሱን ወለዲ'ዮም። እዚ ድስፕሊናዊ ስርዓት ቀጻጸርዚ፡ ውሉድ ብኹልንትናኡ ምሉእ ሰብ ኮይኑ ክዓቢ ወለዲ ካብ ዝኽተልዎም ጠባያት'ዮም።

መተባብር ሕብረተሰቡ መምህራን ኣንገሶምን ዳናይትን ተመዲቦም ዘገልግልሉ ዘለዉ ቦታ ሕርሻን መጓሰን'ዩ። እዚ ዝፈጥሮ ተራን ተጉዳስነትን ወለዲ ኣብ ትምህርቲን ተማሃሮ ደቆምን ምስ ዕለታዊ ስራሖም ኣዛሚደካ ክርኣ ንቕሓት ከም ዘኑድስሎም'ዩ ጠቒሶም። ዝ ንምቕያር ብፍላይ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝዑብር ህዝቢ፡ ሓያል ጉስጓስ ከም ዘድልዮ ድማ'ዩ ኣግሂዶምልና።

ኣቡት ንኻልኦት ክትካውን ቀሊል ዘይኮነ መድረኽ ክትሓልፍ የድሊ። ብደሆታት ኣለዉ፡ እቲ ብዘጋጥሞ ብደሆታት ከይተብደህ ስርሑ ዝፍጽም ከኣ ኣብነታዊ ሰብ ይበሃል። ኣብነታዊ መምህር ተባሂልካ ክትርቋሕ ብቐሊሉ ዝብጸሕ ከም ዘይኮነ ምርዳእ የድሊ። ሓደ መምህር ኣብነታዊ ተባሂሉ ክእመን፡ ንኹሉ ተመሃራይ



መምህር ዳናይት ቢንያም

ብማዕረ ዝርኢ፣ ድኺመ ከይበለ ንድኹማት ይኹን ንፉዓት ተመሃሮ እናዓመደ ፍልጠት ንምምጋብ ብዘይ ተገላቢት ዝሰርሕን ዝጽዕትን፣ ግዜ ዘኽብር፡ ትጉህ፡ ወፋይ፡ ጥዑይ ስነምግባር ዘውንን፣ ርህሩህን ሓብሓብን ብዘይካዚ፡ ምስ ተመሃሮኡ ዝፈጥሮ ቅርበት ተጠቒሙ ኩነታት ተመሃሮኡ ብቐረባ ዝፈልጥ፣ ማሕበራዊ ይኹን ውልቃዊ ጸቕጢ ዘለዎም ተመሃሮ ብምልላይ፡ ኣብ ደረጃ ንቕሓትን ማሕበራዊ ጸገማቶምን ወሪዱ ዝሕግዝን ዝማእዘንን ወዘተ. ካብ ማዓም ዓሰብን ንዋይን ከይተጸበየ፡ “የቐንየልና ክቡር መምህረይ፡ ብሰላኻ ኣብዚ ደረጃ በጺሕና” ዝብል፡ ኣብ ደረጃ ዝበጽሑ ተመሃሮኡ ከም ዕግበት ጠሚቱ ሞያኡ ዘፍቅዶ ብሕልና ዝዋፈ ኣብነታዊ መምህር ኢልካ ክትገልጾ ትኽእል።

መምህራን ኣንገሶምን ዳናይትን ከም መምህራን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንኡዳት ምኻኖም'ዮም እቲ ዝራኸቡ ረቛሒታት ሓደን ወሳንን ግዜ'ዩ። ምፍሕፋሑ ግዜ ካብ ዘይምኽባር ዝስዕብ'ዩ። ስለዚ፡ መምህር ኮይኑ ግዜ ኣብ ምኽባር ቅድሚት ዝሰርዕ ክኸውን ኣለዎ። ካልኡ ዝወሰኾ ዕዮ ብግቡእ ምስራሕ፡ ሰዓት ትምህርቲ ተመሃሮ መትሓዚ ነጥቢ፡ መጸውዒ ኣሶማት ተመሃሮ ምሓዝ፡ ብዘሒ ተመሃሮ፡ ሓይሎምን ብቕዓቶምን ምፍላጥ፡ ኣብ ግዚኡን ሰዓቱን ፈተና ምፍታን፡ ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ንተመሃሮ ምሃብ፡ ምክትታልን መኣረምታ ምሃብን፡ ኣብ መገለጺ ቀሊል ሜላን ኣብነታትን ተጠቒምካ ተመሃሮ ከም ዝርድኡዎ ኣገባብ እናቕያየርካ ምምሃርን ምርኣይን ወዘተ. ብዙሓት ኣለዉ። ብዙሕ ነኒያም ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘገልግሉ 16 ኣገባብ እናተጠቐምካ ተመሃሮ ምቕያር፡ ገለ ካብ ዕምማት ኣብነታዊ መምህር'የም።

ተመሃሮ'ኸ'ዚ ኣገባብ'ዚ ብኸመይ ይርእይዎ? መልሲ ክትረክብ ዘለዋ ሕቶ እያ። ተማሃራይ “ንዓ ኣብ ቅድሚ ተመሃሮ ወጺእካ ስራሕ ግለጽ” ኣብ ዝበሃለሉ ድፍረት ስለ ዝስእኑ በዚ ምኽንያትዚ፡ ዝ ዝተጠቕሰ ኣገባብ እዩም ትብዮት ዘለዎም ተመሃሮ ዝድግፍዎ ክኾውን እንከሎ፡ ብኣንጻሩ ትብዮት ዝሰእኑ ዘይድግፍዎውን ኣለዉ። መምህራን ኣንገሶምን ዳናይትን ግን ከይተሓለሉ ነፍሲ-ወከፍ ተማሃራይ ብዙሕ'ኹለ ኣብ ቅድሚ ብጾቱ ወጺኡ ኣበርክቶኡ ክውፊ ስለ ዘለዎ፡ መምህሩ ዝኣዘዞ ክገብር ጸሪ ካብ ምግባር ዕረፍቲ የብሎምን። ኣብዚ መምህር ኣንገሶም ካብ ዘለሉና ገለ ክንጠቕስ።

መምህር ኣንገሶም፡ መምህር ዓውደ




ዝርከበናዮ ሓበሬታ ዘመልክት። ደረጃ ርሕቀት መምህርን ተመሃራይን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ንተመሃሮ ከም መሓዙቶምን ኣዕሩኽቶምን ብምርኣይ ስለ ዘተዓብዮም፡ ተመሃሮ ዘለዎም ጸገም ብዘይ ስክፍታ ወይ ብዘቕለለ መንገዲ ክረዳድኡ ጸገም የብሎምን። በዚ መንገዲ'ዚ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ንኽሉትምም ኣይስከፉን። ግሉጽ ናይ ምብህሃል ኣገባብ'የም ዝኽተሉ። በዚ ድማ እቲ ዘካይድዎ ኣገባብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብልሙጽ መንገዲ ይኸይዶም። እዞም መምህራን ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራ ካብ ዝጥቀሙሉም ሜላታት ሓደ፡ ሓደ ምዕራፍ ምስ ወድኡ፡ ሕቶታት ንተመሃሮኦም ምድላው እዩ። ንፉዓትን ድኹም ዝበሉን ተመሃሮ ብምትሕንፋጽ ድማ ብጕጅለታት ተመቓቒሎም ንሓድሕዶም ተወሃሂዶም ከም ዝረዳድኡን እናተመላልኡ ብሓባር ከም ዝሰርሑምን ይገብሩ። ተማሃራይ ዘማእከለ ኣገባብ ኣመሃህራ ስለ ዝኽተሉ ድማ፡ ተመሃሮ ዝኸበዶም ንመምህራኖም ተወኪሶም ብዘቕለለ መልሲ ክረኽቡ እቲ ባይታ ጥጡሕ'ዩ። ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ኣሳታፊ ኣገባብ ኣመሃህራ ተኸቲሎም ፍልጠቶምን ክእለቶምን ኣብ ተመሃሮኦም ከም ዝሓድር ኣብ ምግባር ይጽዕሩ።

ምስ መሪርሕትኻን ሓለፍትኻን ትምህርቲ ፊዚክስ'ዩ። ዝጠዐሐ ተማሃራይ ፊዚክስ ከቢድ ዓይነት ትምህርቲ ምኻኑ'ዩ ዝገልጹ። መረዳእታ መምህር ኣንገሶም ኣብቲ ዓውዲ ግን ብኣንጻር'ቲ ብብዙሓት ዝወሃብ መግለጺ'ዩ። ወጽኢት ዓውደ ትምህርቲ ፊዚክስ በብእዋኑ ናብ ሳዋ ዝወረዱ ተመሃሮኡ ክየምማሞ እንከሎ፡ ‘A’ ዘመዝገቡ ምህላዎም፡ ካብዚኦም፡ “ሞዴልና ንሰኻ ኢኻ” ብምባል ዘማዮገንዎ ብዙሓት ተመሃሮ ምህላዎም ድማ ገሊጹልና። እዚ ወጽኢት'ዚ፡ ብዘወሪ ዝተመዝገበ ኣይኮነን። ወጽኢት ሓደ ጻዕሪም መምህር ዘመዝገቦ ዓወት ምኻኑ ንጹር ይገብሮ።

ብመረዳእታ ሕብረተሰብና ንሓደ ህርኩት ሰብ፡ ንፉዕ ዝብል ቅጽል ስም'ዩ ዝወሃቦ። ንፉዕ ብቓል ግን ኣኻሊ ኣይኮነን። ገለ መተባብዒ ዝመስል ክድመሮ እንከሎ፡ እቲ ሰብ ሞራልን ተሰፋን ክሰንቕ ይሕግዞ። ኣብዚ መዳይ እዚም ክልተ ኣብነታውያን መምህራን ካብ ተመሃሮ፡ መምህራንን ሕብረተሰብን ዝረኽብዎ ሞራላዊ መሕ እንተዘይ ኮይኑ፡ ብዓይነት ዝወሃቦም ነገር የብሎምን። ኣብ ክንድኡ ብተመሃሮን ወለዲ ተመሃሮን ዝምጠወሎም ክብሪ ምስ ህያብ ነገራት ከም ዘይዛመድ ብምጥቃስ፡ ካብ እምነትን ክብሪን ዝዓዘዘ ብልጫ ከም ዘየለ'ዩ እምነቶም። ስለዚ ይብሉ ንሶም፡ “መንግስቲ ዜጋታቱ ብትምህርቲ ኣብ



መምህር ኣንገሶም ናይዝጊ

ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ'ዩ ቃልሱ። ንሕና ድማ ወጽኢት ናይቲ ዝተጉብረልና ወፍሪ ኢና። ካልእ ክብሪ ንዕኦም ይኹኑ ወለዲ ገሌና ኣይተማህሩን። ንዓና ግን “ንስኹም ሰጥ ኢልኩም ተመሃሩ። እቲ ንስኹም ትጉብርዎ ባዕላትና ኣለናዮ...።' ብምባል ንዓና ደቆም ጥጡሕ ባይታ ናይ ትምህርቲ ሳላ ዝፈጠሩልና ኣብዚ ደረጃ በጺሕና ዘለና” ብምባል ከም ዜጋታት ካብኦም ዝሕተት ዝበቅዖ ከም ዘይብሎም ድማ'የም ብርእሰ እምነት ገሊጾምልና።

“ሰብ ዝዘርኦ'ዩ ዝዓጽድ፡ ተመሃሮ ድማ ብመንጽር'ቲ መምህር ዘፍስሶ ጻዕሪ'የም ነጥቢ ዘመዝግቡ። እዚ ንስኹም ትኽተልዎ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣብ ተመሃሮ ብኸመይ ይግምገም፣ ብቕዓት ናይቶም በቦግዚኡ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ ዝሰጋገሩ ተመሃሮኹም ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ከመይ ትግምግምዎ፣” ንመምህራን ኣንገሶምን ዳናይትን ተወኪስናዮም። ኣብዚ ወጽኢት ተማሃራይ ካብን ናብን ከም ዝፈላለ ክሱላት ዘይብሉ ምኻኑ ጠቒሶም፡ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ወጽኢት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ተማሃራይ ብደቂቕ ክትፈልጥ'ውን ዝከኣል'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ንኣቀማምጣ ኣብራን መኣብርን ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክትርእዮ፡ ኮምፕዩተር፡ ላቦራቶሪን ዝጎደሉ ቤት ንባብ ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዙ ብቐሊሉ ከተማልኣሎም ኣብ ዘይትኽእል ከባቢ፡ ጸቢቕ ወጽኢት ከመዝገቡ ክትርእዮም ፍናን ዘሰንቕ'ዩ። ይኹን'ምበር፡ ቀጽሪ ተመሃሮ ኣብ ክፍሊ፡ 80 ይበጽሕ። እዚ ንሓደ መምህር፡ ኣብ ምቕጽጻርን ክቢድ ከም ዝበሎ ርዱእ'ዩ። ማዕረ-ማዕረኡ ሰመናዊ ጸዕት ኣሎ። እዚ ኹሉን ካልእን ዝተደራረበ ስራሕ ብደሆታት እናሃለወ መምህር ብየነቱ ይምህር፡ ተመሃሮ ድማ ብስርዓት ይመሃሩ። እቲ ዝሕፈስ ወጽኢት'ውን እወታውን ዘተባብዕን ይኸውን። ዝ ምስ ረኣኻ መሊስካ ትተባባዕ!” ብምባል ወሲኾም ገሊጾምልና።

መምህራን ኣንገሶም ናይዝጊን ዳናይት ቢንያምን ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ቤት ትምህርቶም ብተደጋጋሚ ዝርኣ ዋሕዲ መምህራን፣ ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝርኣ ክሳብ 80 ተመሃሮ ዝበጽሕ ጸዕቂ ተመሃሮ፣ ዝ ንምቕላል ወይ ንምፍታሕ ተወሳኺ መምህራን ክምደቡ፣ ኣብ ቤት ንባብ ዝርኣ ዋሕዲ መጽሓፍቲ ክማላእ፡ ብሕልፊ ንተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ናይ ICT፡ ቤተ-ፈተነ'ውን ክወደደሎም፣ ዝምልከቶ ኣካል ዝተጠቕሱን ካልኦት ሕጽረታትን ብዝግብኦ ተመልኪቱ ቁልሕታ ሂቡን ኣብ ምፍትሓም ጻዕሩ ከዘይድ ተላብዮም።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውዕሎ ራብዓይ መድረኽ ዙር ርዋንዳ

### ኤርትራ፡ መሪሕነታ ተመንጢላ

ትማሊ ረቡዕ ዝተሰላሰለት ራብዓይቲ መድረኽ ዙር ርዋንዳ ኣብ ገለ ማልያታትን ደረጃታትን ምግልባጥ ኣምጺኣ።

ኣብዛ 127.2 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ካብ ዓባይ ጉጅለ መለቓም ዝወጹ 15 ዝጸሓሑ ተቐዳደምቲ፡ ብኢጋኡ ንጸወታ ኑዳዲ ከዕወሉ። ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መርሃዊ ቅዱስ ዝበራ እዛ ጉጅለ፡ ክሳብ ልዕሊ ሓሙሽተ ደቒቕ ንዓባይ ጉጅለ ፍልልይ ኣንጺፋትላ ነይራ።

ካብታ መራሒት ጉጅለ ዝሃደሙ ክልተ ተቐዳደምቲ ከኣ ነዛ መድረኽ ዜዖዳ ከሰቦሙ። በልጃዩማዊ ተቐዳዳማይ ሶዳል-ኩክ ስቴፕ ደቨሎፕመንት - ማቲያስ ደ ክለርክ፡ ንኣባል ኤንኤስኤን ደቨሎፕመንት - ሞሪትዝ ክረተች ረቲዑ፡ ብ3 ሰዓት፡ 5 ደቒቕን 55 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ።

መርሃዊ፡ ካብ ዕውት 2 ደቒቕን 15 ካልኢትን ድሒሩ 10ይ ኣትዩ። ደቂ ጋንታኡ ሄኖክ ምልእብርሃንን ያፈት ሙልጌታን፡ 5 ደቒቕን 40 ካልኢትን ድሒሮም መበል 22ን 27ን ደረጃ ሒዞም። ናታን መድሃኔን ናሆም ዘርኣይን ድማ፡ መበል 35ን 36ን ኣትዮም።

ብዘይካዚ፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣሲታዝብል - ዓወት ኣማኑ መትከል እዮብ፡ መዋእል ግርማይ፡ ናትናኤል ብርሃነ፡ ብዘተፈላለየ ፍልልይ ግዜ ብተኸታታሊ መበል 31፡ 52፡ 55ን 59ን ደረጃ ሒዞም።

ኣባል ባይክ ኣይድ ኤሽን የማነ ዩኤል ሃብተኣብን ድማ፡ መበል 21ን 54ን ኣትዮም።

በዚ ወጽኢት፡ ጀርመናዊ ክረተች ብ14 ሰዓት፡ 2 ደቒቕን 34 ካልኢትን ንቢጫ ማልያ፡ ካብ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ዕወት የርገን ዞመርማንድ ተቐቢሉዋ ኣሎ። 17 ደረጃታት ዘመሓየሸ - መርሃዊ፡ 4 ደቒቕን 32 ደቒቕን ድሒሩ፡ ታሽዓይ ደረጃ ደርኪቡ። ብተኸታታሊ 28ን 43ን ካልኢታት ጥራይ ድሒሮም ዝበጽሑ ያፈትን ሄኖክን ግና፡ ብቐደም ተኸቲሉ ብ4 ደቒቕን 35 ካልኢትን ከምኡ'ውን 4 ደቒቕን 50 ካልኢትን ፍልልይ፡ ናብ መበል 11ን 15ን ኣንቆልቂሎም ኣለው።

ሄኖክ፡ ኣብ ናይ ነጥቢ ማልያ ብ47 ነጥቢ ሳልሳይ ደርኪቡ። ሚሚል ሄደማንን ማወሮ ኩዩሊስትን ብ56ን 54ን ነጥቢ ቅድሚኡ ደርኪቦም። ሚጌል፡ ንማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ዓቂብዋ ኣሎ - ብ23 ነጥቢ። ንናይ መንእሰያት ማልያ ግና፡ ኢትዮጵያዊ ተቐዳዳማይ ክለብ 'ኣማኒ' - ኣማኑኤል ደሰታ፡ ለቢሰዋ ኣሎ። ያፈት፡ ብ2 ደቒቕን 17 ካልኢትን ድሒሩ፡ ሻውዓይ ኮይኑ ደሰዕቡ።




ብናይ ጋንታ ቅልስ ድማ፡ ሎቶ ግሮፕ ዋንቲ፡ ብ42 ሰዓት፡ 15 ደቒቕን 30 ካልኢትን፡ ናብ መሪሕነት ደዪቡ። መራሒት ዝነበረት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ 3 ደቒቕን 45 ካልኢትን ድሒራ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ኣላ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ ኣብ ሓሙሻይቲ መድረኽ 82 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ።

## ውድድራት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ቀጺሉ



ስፖርታዊ ውድድር ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዞባ ማእከል፡ ብሰንበት ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሜዳታት ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብርካብ ደንደንን ቀጺሉ ውዒሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንቀይሕ ባሕሪ 2ብ1፡ ሓላይ ንሰምበል 3ብ0፡ ሓርነት ንባርካ ብፍጹም ቅላዕ 3ብ2፡ ጸዕዳ ክርስትያን ንደንደን 3ብ0 ረቲዐአን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሰምበል ንኢሳቕ ተወልደመድህን ብፍጹም ቅላዕ 4ብ3፡ ሓላይ ንድያእ 4ብ0፡ ባርካ ንልምዓት ብፍጹም ቅላዕ 6ብ5፡ ደንደን ከኣ ንጸዕዳ ክርስትያን 3ብ2 ተዓዊተናለን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ እምባዛራ ንደምበ ሰምበል 3ብ2፡ ባርካ ንልምዓት 3ብ1፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንድያእ 3ብ0፡ ሓርነት ንማይኸፋሒ 3ብ1 ኣሰዒፈናአን። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ደምበ ሰምበል ንእምባዛራ 3ብ0፡ ባርካ ንልምዓት ብተመሳሳሊ 3ብ0፡ ርእሲ ዓዲ ንቶኽር ከምኡ'ውን ሰምበል ኢብራሂም ሱልጣን ብተመሳሳሊ 3ብ2 ተዓዊተናለን።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኩዕሶ ሰከላት፡ ሰሜእታት ንቀይሕ ባሕሪ 41ብ34፡ ደምበ ሰምበል ንሓርነት 25ብ21፡ ባርካ ንደንደን 38ብ11፡ እምባዛራ ንልምዓት 37ብ11፣ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሓርነት 71ብ29፡ ሰሜእታት ንልምዓት 51ብ27፡ ባርካ ንሓላይ 38ብ26፡ ደምበ ሰምበል ንእምባዛራ 68ብ50 ሰዒረን።

በዚ ወጽኢት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ኢሳቕ ተወልደመድህን፡ ሓርነት፡ ሓላይን ጸዕዳ ክርስትያንን፣ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሰምበል፡ ሓላይ፡ ባርካን ደንደንን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን ኣለዋ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ እምባዛራ፡ ባርካ፡ ኢሳቕ ተወልደመድህንን ሓርነትን፣ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ደምበ ሰምበል፡ ርእሲ ዓዲ፡ ባርካን ሰምበልን ናብ ተመሳሳሊ ደረጃ ሰጊረን።

ኣብ ኩዕሶ ሰከላት ድማ፡ ሰሜእታት፡ ደምበ ሰምበል፡ ባርካን እምባዛራን ብደቂ ኣንስትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሰሜእታት፡ ባርካን ደምበ ሰምበልን ብደቂ ተባዕትዮ፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ምሕላፈን ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

## ኣንቸሎቲ፡ ንነይማር ኣይጸውዖን

ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል - ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ዘካይዶ ናይ ምሕዝነት ጸወታ፡ ንነይማር ጁንየር ከምዘይጸውዖ ተሓቢሩ።

ድሕሪ ጥቕምቲ 2023 ንሃገሩ ዘይወከለ ነይማር፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ፡ ካብ ብዙሕ ግጥማት በኺሩ እዩ። እዚ ብሉጽ ወልቃዊ ብቕዓት ዘውንን ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ እዋን ናብ ብሉጽ ቅመናኡ ንምምላስ ኣብ ስራሕ ደርኪቡ። ዳግማይ ነዛ ሓሙሻይ ግዜ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለት ሃገር ክውክል ድማ እቲ ዝዓበየ ሕልሙ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 መራሒዋ ዝኣቲ ኣንቸሎቲ፡ ኣብዚ ዝመጽእ ወርሒ ዘሰላስልዎ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ኣይጸውዖን።

እዛ ጋንታ፡ ቅድሚ ናብ ዋንጫ ዓለም ምምርሓ፡ 27 መጋቢት ኣንጻር ፈረንሳ፡ 1 ሚያዝያ ከኣ ንክሮኤሽያ ክትገጥማ ኢያ።

## ዜና ብሓጺሩ

**ሚልነር፡ ኣብ ጊነስ ሰፈሩ**

ተጻዋታይ ብራይተን - ጀምስ ሚልነር፡ ኣብ መጽሓፍ ክብረ ወሰን ጊነስ ሰፈሩ - ድሕሪ'ቲ ኣብ ፕሪመር ሊግ ዝበዝሐ ጸወታታት ዝተሰለፈ ምኻኑ።



ሚልነር፡ ዝሓለፈ ቀዳም እዩ መበል 654 ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥሙ ኣካይዱ። እዚ ወዲ 40 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ኣቐዲሙ ኣብዚ ተበዓቢ ሊግ፡ ንሊድስ ዩናይትድ፡ ኒውካስል፡ ኣስቶን ቪላ፡ ማን ሲቲን ሊቨርፑልን'ውን ተሰሊፉለን እዩ። ኣብ ሰሩዕ ጸወታ ብምህላዉ'ውን ዝ ብዝሒ ግጥማት ክውሰኽ እዩ።

**ፔድሪ፡ ብዘይ ምባፐን ቪንሰየስን . . .**

ኣኸፋፋሊ ባርሴሎና ፔድሪ "ብዘለዎም ፍጥነት፡ ካብቶም ክገጥሞም ዚደሊ ተጻወትቲ ኪልያን ምባፐን ቪንሰየስን እዮም። ኩዕሶ ናብ ቪንሰየስ እንተበጺሓ፡ ክትገብሮ ዘለካ ጸሎት ጥራይ እዩ። ንሱ፡ ካብዩ ንላዕሊ ሰለስተ ዕጽፊ ይኸይድ።" ክብል ገሊጹ።



## ሻምፕዮና ውድድር 'ኩዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ' ሎሚ ክጅምር እዩ

ሃገራዊ ፌደረሽን ውድድር ኩዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ (National Beach soccer championship) 2026፡ ሎሚ ሓሙስ ዝጅምር ውድድር ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ክካየድ እዩ።

እዚ "ገማግም ባሕርና፡ ንዕብየት ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ሃገርና" ብዝብል ቴማ ዝካየድ ውድድር፡ ሸዱሽተአን ዞባታት ክሳተፋሉ እየን። 7 መጋቢት ድማ ክዛዘም እዩ።

ኣብዚ ውድድር፡ ንተፈጥሮኣዊ ጸባቐ ባህራዊ ጼጋታት ገማግም ባሕርና ኣገሊሉ ብዝርኢ መንፈስን ሃዋህውን ክካየድ እዩ። ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ድማ፡ ኣፍቀርቲ ውድድር ገማግም ባሕሪ ከተማ ምጽዋዕን ከባቢኣን ኣብ ቦታ ውድድር ተረኺቦም ንጋንታታት ከተባብዑ ዕድመ ኣቕሪቡ ኣሎ።

እዚ ሃገራዊ ውድድር፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሜዳ ሸካይቶ ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ብተሳታፍነት ሰለስተ ዞባታት ተኻይዱ ምንባሩ፡ ህዝባዊ ርክብ ሓቢሩ።

## ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ቀጺሉ



ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ሰሉስ 24 ለካቲት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣብ ዝቐጸለ፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ክለብ ደንደን ገፊሕ ዓወት ኣመዝጊቡ።

ቀይሕ ባሕሪ ንቅዱማይ እብረ ተቐጻጺራ፡ ብመገዲ ኣከፋፋሊኣ ዓብለሎም ተኸለዝጊ ክልተ ሸቶታት ብምቁጻር፡ 2ብ0 መራሒ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ከኣ፡ ኤሽን የውሃንስ ሸቶ ወሲኹ፡ ብገፊሕ 3ብ0 ተዓዊታ። ሓለቓኣ ዓብለሎም ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ ግጥም ተጸዊዑ።

ጸወታ ኣልታሕረርን ዘራእትን ጥራትን'ውን ኣካል ናይታ ዕለት ነይሩ። ዘራእትን ጥራትን፡ ኣብ መበል 21 ደቒቕ ካብ ርቤል ዞሚካኤል ብዝረኸበታ ሸቶ 1ብ0 መራሕነት ሒዛ። ድሕሪ ትሽዓተ ደቓይቕ ግና፡ ኣልታሕረር ካብ ኬሽን በረኸት እተመዝገበት ሸቶ ረኺባ፡ ናብ ዕረፍቲ 1ብ1 ወጺአን። ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ማዕረ ተፈላልየን። ብሉጽ ተጻወታይ ናይታ ጸወታ፡ ካብ ዘራእትን ጥራትን ሚሮን ኣሮንዲ ተሰምዩ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ከምኡ'ውን ኣስመራ በራ ምስ ኣልታሕረር 'ቢ' ብዘካይድኦ ጸወታታት ክቕጽል እዩ።

## ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል . . .

ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰንበት 1 መጋቢት ውድድር ሰሪዑ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ኣብዚ ናይ ዳ ኮርሶ ዲቪዥናት ዝሳተፋሉ ውድድር፡ ካብ ሰዓት 6:30 ቅ.ቀ ኣብ ማስመር ኢንሹራንስ፡ ባር ቶሪኖ፡ ዳኒኤል ፋሲት ፋድ፡ ሲቲ ፓርክ፡ ባር ፎልያ፡ ሾዳ ኣቢሉ ኣብ ኢንሹራንስ ዝዛዘም እዩ።

ብዘይካዚ፡ ቀዳሞ፡ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ፡ ኣብ ከባቢ ጸጸራት ክወዳደሩ እዮም።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ትካላት ቻይና ኣብ ጀርመን ዝገብራኦ ወፍሪ ከደንፍዓ ጻውዒት ቀሪቡ

ቻንስለር ጀርመን ፍሪድሪክ መርዝ፡ ኩባንያታት ቻይና ኣብ ጀርመን ዘኻይዳኦ ወፍሪ ዝያዳ ከደንፍዓኦ ትማሊ ረቡዕ ኣተሓሳሰበ።

ብሎሳለዋይ ልኡኽ ንግዲ ጀርመን ዝተሰነየ መርዝ ኣብ ቻይና ኣብ ዝገበሮ ፈለማ ዑደት፡ ምስታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝዓበየት ንግዳዊ መሻርኽቲ ጀርመን ዝነበረት ቻይና ቁጠባዊ ርክብ ከዕሙቕ ከም ዝደሊ፡ ንፕረዚደንት ሺ ጂን ፒንግ ከም ዝገለጸሉ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ርክብ፡ "ለሚ ክንዛረበሎም ዘዋጾኡ ብድሆታት ኣለዉ። እንተኾነ እቲ እንሰርሓሉ ማዕቀፍ ፍሉይ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ድማ ኣዝዩ ጽቡቕ ስራሕ ሰሪሕና ኢና" ክብል እቲ ቻንስለር ኣብሪሁ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ዓለምና ዝያዳ ዕግርግር ዝመልኣን ዝተሓዋወሰትን እናኾነት ኣብ ትኸደሉ ዘላ እዋን፡ ቻይናን ጀርመንን ስትራተጂያዊ ርክበን ከሐይላን ሓድሕዳዊ ምትእምማን ክዕብያን ኣለወን" ኢሉ።



መርዝ ኣቐዲሙ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ሊ ኪያንግ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ጉዳይ ምትሕብባር ክልቲአን ሃገራት ኣዝዩ ፍሉይ ስክፍታታት ከም ዘሎ፡ እዚ ድማ ክመሓየሽን ፍትሓዊ ክኸውንን ከም ዝደልዩ ኣረዲኡ።

ሊ ብወገኑ፡ ክልቲኦም ወገናት ንበዙሕነታውነትን ናጻ ንግድን ንምዕቃብ ብሓባር ክሰርሑ ጸዊዑ።

"ቻይናን ጀርመንን ክልተ ካብ'ተን ዝዓበያ ቁጠባ ዓለም ዝውንኣን ኣገዳሲ ጽልዋ ዘለወን ዓበይቲ ሃገራት ብምዃነን፡ ኣብ ምትሕብባር ዘለና ምትእምማን ከሐይል፡ ዝያዳ ፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ምሕደራ ንምህናጽ ድማ ክንጽዕር ኣሎና" ክብል ሊ ወሲኹ ኣተሓሳሰበ።

## ዚምባብወ፡ ሰደድ ማዕድናትን ሊትየምን ንግዚኡ ኣወንዚፋቶ

ዚምባብወ ንሰደድ ኩሉ ጥረ ማዕድናትን ሊትየምን ክሳብ ኣብ መጻኢ ተወሳኺ ሓበሬታ እትህብ ንግዚኡ ደው ከም ዘበለቶ ኣፍሊጣ።

ሚኒስተር ማዕድናትን ልምዓት ዕደናን ናይታ ሃገር ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ስጉምቲ ንኹሉም ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ትራንዚት ዘለዉ ማዕድናት ዘጠቓልል ምዃኑ ገሊጹ።

"መንግስቲ ኣብ ሰደድ ማዕድናዊ ሃብቲ ዚምባብወ ግሉጽነት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከኣ ወሰኽ ተጠቃምነት፡ ምኽባርን ተሓታትነትን ንምርግጋጽ ቃል ኣትዩ'ሎ፡" ክብል ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ሰደድ ሊትየም ተነቢሩ ዘሎ እገዳ ፈለማ ኣብ ጥሪ 2027 ኣብ ግብሪ ክውዕል መደብ ተታሒዙሉ ነይሩ። እዚ ድማ ኩባንያታት ዕደና ነቲ ማዕድን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ናይ ምጽራይ ማስርሕ ክጀምራ ተሰሪዑ ተገይሩሉ ዘሎ ናይ መውዳእታ ግዜ እዩ።

ዚምባብወ ኣብ ኣፍሪቃ ዝዓበየ ዕቑር ሃብቲ ሊትየም እትውንን ሃገር ኮይና፡ ኣብ ታሕሳስ 2025 ኣስታት 1.12 ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ሊትየም ናብ ወጻኢ ሰዲዳ። እዚ ድማ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዓመት ዝነበረ መጠን ብ11 ሚእታዊት ከም ዝወሰኸ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ጊኒ፡ 16 ወተሃደራት ሴራልዮን ቀዩዳ

ሚኒስትሪ ምክልኻል ጊኒ፡ ዶብ ሰጊሮም ጥንዱራቶም ኣብ መሬት ጊኒ ከም ዘንበልበሉ ንዘኽሰሶም 16 ወተሃደራት ሴራሊዮን ከም ዝቖየደ ሓቢሩ።

ክልቲአን ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ካብ 1991 ክሳብ 2002 ብዝነበረ ኩናት ሓድሕድ ሴራሊዮን ዝተበገሰ ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ኣብ ዶባዊ ምስሕሓብ ተጸሚደን ምንባረን ይፍለጥ።



መንግስቲ ሴራሊዮን፡ ኣብ እዋን ኩናት ንጊኒ ምብራቓዊ ዶባታ ኣብ ምሕላው ክትሕግዘ ዓዲሞዋ'ኳ እንተ ነበረ፡ ድሕሪቲ ኩናት ግን ሰራዊት ጊኒ ምሉእ ብምሉእ ካብ'ቲ ከባቢ ከም ዘይስሓብ ይገልጽ።

ይኹን'ምበር፡ ሰበ ስልጣን ሴራሊዮን ኣቐዲሞም ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ሓደ ማዕጾን ዝርከቦም ሓያሎ ኣባላት ኣሃዱ ጸጥታ፡ ኣብ ኣውራጃ ፋላባ ኣብ ዝርከብ መዓስከር ሕጡብ ኣብ ዝሰርሑሉ ዝነበሩ እዋን ከም ዝተታሕዙ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሰራዊት ጊኒ ኣብ ጥቓ ዶብ ሃገሩ ናብ እትርከብ ብማዕድናት ዝሃብተመት ሓንቲ ከተማ ናይ ሴራሊዮን ብምእታው፡ ነቲ ወጥሪ ዳግማይ ኣጋዲድዎ ምንባሩ ይዝከር።

## "ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ክትፍጽም ትኽእል እያ" ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዓለም እታ ዝዓበየት መዋሊት ግብረ ሽበራ ዝኾነት ኢራን ኑክለሳዊ ኣጽዋር ክህልዋ ከም ዘይፈቅድ ብምግላጽ፡ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ክፍጽም ከም ዝኽእል ትማሊ ሰሉስ ንባይቶ ኣመሪካ (ኮንግረስ) ኣብ ዘኽሰሉ።

ይኹን'ምበር፡ ኢራን ንኑክለሳዊ መደባታ ብዝምልከት እተኻይዶ ዘላ መጽናዕቲ ጸዓት ንምፍራይ ዝዓለመ ጥራሕ ምዃኑ እያ ትገልጽ።

ብተወሳኺ፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን እስማዒል ባጋይ ትማሊ ረቡዕ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኤክስ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ብዛዕባ ኑክለሳዊ ፕሮግራም፡ ስግረ-ኣህጉራዊ ባሊስቲካዊ ሚሳይል፡ ከምኡ ድማ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ ብዝተኻየደ ህዝባዊ ናዕቢ ዝሞቱ ኣሽሓት ሰባት ብዝምልከት ዝወሃብ ዘሎ መግለጺታት፡ ብዙሕ ምድግጋም ተኸታታሊ ዓበይቲ ሓሶታት ካልእ ጣቁ የብሉን" ኢሉ።



ዘስምዖ መደረ ኣጠንቂቑ።

ትራምፕ ኣብ መደረኡ፡ ጣህራን ንዕጡቓት ጉጅለታት ብእትህቦ ደገፍ ንሰልፈኛታት ብምቕታል፡ ከምኡ'ውን ሚሳይላትን ኒዩክለሳዊ መደባትን ብምምዕባል ንኣመሪካ ስግኣት ምዃና ኣመልኪቱ።

ኢራን ንኑክለሳዊ መደባ ዳግማይ ከም ዝጀመረቶ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ክሳብ ኣመሪካ ክበጽሕ ዝኽእል ሚሳይላት ንምምዕባል ትሰርሕ ከም ዘላ እዩ ትራምፕ ዝገለጸ።

## ቀ/ሚ ህንዲ ናብ እስራኤል ኣትዩ

ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ዘጸላሉ ዘሎ ሓደጋ ወተሃደራዊ ግጭት ዞባዊ ስክፍታታት እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ ናይ ክልተ መዓልታት ዑደት ንምፍጻም ትማሊ ረቡዕ ናብ እስራኤል ከም ዝኣተወ ተሓቢሩ።

ሞዲ ኣብ ታሪኽ ህንዲ ኣብ 2017 ናብ እስራኤል ዝበጽሐ ናይ ፈለማ ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ሸው እዋን ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ቢንያሚን ናታንያሁ ኣብ ገማግም ባሕሪ ወደባዊት ከተማ ሃይፋ ዑደት ኣካይዱ ምንባሩ ይግለጽ።

ክልተኦም መራሕቲ ድሕሪ ትሽዓተ ዓመት ኣብ ስልጣን ኣብ ዘለዉሉ እዋን ከኣ፡ ብዛዕባ ኣርቲፊሻል ብልሒ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ምክልኻል ኣመልኪቶም ዝርርብ ከካይዱ ትጽቢት ይግበር።

ሓደ ብዓል ስልጣን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዑደት ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ንሓድሽ ሽርክነትን ምትሕብባርን መንገዲ ከም ዝኸፍት ብምሕባር፡ ክልተኣዊ ዝምድና ናይተን ሃገራት ኣብ ጫፍ ምዕባለ ከም ዝበጽሐ ገሊጹ።

ህንድን እስራኤልን ንፈለማ ግዜ ኣብ 1992 ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ዝመስረታ ኮይነን፡ ኣብ 2017 ርክበን ናብ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ከም ዘዕበያኦ ይፍለጥ።



ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን | 26/02/2026 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትራስተለ | 122798
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services